



መበል 36 ዓመት ቁ.59 ቀዳም 7 ሕዳር 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 4 ገጽ 5 ገጽ 8 ገጽ 9 ገጽ 10

ኣርካን
ሓረስታይ
ሓሰን ሑሴን

“ኣብ ርእሲ ቋንቋ ኣደኻ፡ ተወሳኺ ዋዕላ ህዋሳት ዛንታ ናይዛ ስእሊ ቋንቋ ምምላኽ፡ . . . ምድላው ንሓዳር

ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል፡ ንመራሕቲ ኣውቶቡስ ሰሚናር ኣካዪዱ

ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል
ሜጀር ሃብተ ገብሩ፡ ንመራሕቲ
ዓበይትን ንኣሽቱን ኣውቶቡሳት ኩባንያ
መጐዓዝያ ሓራት፡ ኣብ ድሕነት
ትራፊክ ጽርግያ ዘተኰረ ሰሚናር ብ5
ሕዳር ኣካዪዱ።

ሳዕቤን ሓደጋታት ትራፊክ ኣብ
ህይወት ዜጋታትን ቁጠባ ሃገርን
ቀሊል ከምዘይኰነ ዝሓበረ ሜጀር
ሃብተ፡ ሕግታት ትራፊክ ብምኽባር
ንምክልኻሉ ስለዝከኣል፡ መራሕቲ
ዓበይቲ መካይን ብሓፈሻ ህዝቢ
ዘመላልሳ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ’ዚ
መዳይ’ዚ ዕቱባት ክዀኑ ኣዘኻኺሩ።

ቀንዲ ጠንቂታት ሓደጋታት፡
ቀዳምነት ዘይምሃብ፡ ሓደገኛ
ኣመራርሓ፡ ርሕቀትካ ዘይምሕላው፡
ብዘይ ኣገባብ ንድሕሪት ምምላስ፡
መስመርካ ዘይምሓዝን ንኣጋር
ቀዳምነት ዘይምሃብን ከምዘጠቓልል
ጠቒሱ ድማ፡ መራሕቲ ኣውቶቡሳት
ኩባንያ መጐዓዝያ ሓራት፡ ድሕነቶምን
ድሕነት ተሳፈርትን ንምሕላው
ጥንቁቓትን ሓላፍነታውያንን ክዀኑ

ተላብዩ።

ኣብ ቀዳሞት 9 ኣዋርሕ ናይ 2026
ንዝተራእየ ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ምስ
ናይ 2025 ብምንጽጻር፡ ብሓፈሻ ልዕሊ
57 ሽሕ ተሽከርከርቲ ከምእተኸሳ፣

ብዘጋጠመ ሓደጋታት ድማ 31 ሰባት
ክሞቱ ከለዉ 482 ኣካላዊ ጉድኣት
ከምዝወረዶም፣ ኣብ ንብረት ከኣ
ልዕሊ 15.6 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት
ዕንወት ከምዝሰዓበ በሪሁ።

ሓላፊ መርመራ ሓደጋታት ትራፊክ
ኣቶ ኢሳይያስ ብርሃነ ብወገኑ፡ ኣብ
ዘይፍቀደለን ንጥፈት ተዋፊረን
ዝተረኽባ ኮድ-1 መካይን፡ ገንዘባዊ
መቕጻዕትን ክሳብ ን3 ኣዋርሕ ታርጋ

ናይ ምውራድ እገዳን ከምእተበየነለን
ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ከም’ዚ ዓይነት
ጎስጓስ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ስለዝዀነ ብቐጻሊ
ክካየድ ተላብዮም።

ሓጋዝ - ውጽኢት 8ይ ክፍሊ ንምምሕያሽ ዝዓለመ ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ
ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡
ውጽኢት ተመሃሮ ኣብ
ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ
ንምምሕያሽ ዝዓለመ ዓውደ-
ዘተ፡ ብ4 ሕዳር ተቓኒዑ።

ኣብ’ቲ ሓለፍቲ ትምህርቲ
ዞባ ዓንሰባን ንኡስ ዞባ ሓጋዝን፡
ኣመሓደርቲ ከባቢታት፡ ርእሳነ-
መምህራንን ሱፐርቫይዘራትን፡
ከምኡ’ውን ኮሚተ ወለዲን
ካልኦት ኣካላትን ዝተረኽቡሉ
ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ብቕዓት
ትምህርቲ ብሓፈሻ፣ ኣብ
ብቕዓት ተመሃሮ 8ይ ክፍሊ
ድማ ብፍላይ ዓሚቚ ምይይጥ
ተኻዪዱ።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡
ብደረጃ ንኡስ ዞባ ኣብ
ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026
ካብ ዝተፈተኑ ተመሃሮ እቶም 37
ሚእታዊት ከምዝሓለፉ፡ ስለ’ዚ ድማ
ዕቱብ ገምጋም ብምክያድ ሓጋዚ
ስጒምትታት ምውሳድ ከምዘድሊ
በሪሁ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዓቕሚ
መምህራን ንምሕያል ቀጻሊ
ስልጠናታት ክውደብ፣ ደረጃ
ብቕዓትን ምዘናን ኣብ መባእታ
ዓይነታዊ ክኸውን፣ ዋሕዲ
መምህራን ኣቓልቦ ክግበረሉ፣

ስሉሳዊ ዝምድናታት ብሓፈሻ ተራን
ኣበርክቶን ኣመሓደርቲ ከባቢ ድማ
ብፍላይ ክዓዝዝ ተላብዮም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ
መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል፡
ብቕዓት ተመሃሮ 8ይ ክፍሊ

ንምርግጋጽ፡ ኣብ መባእታ ዘሎ
ብቕዓት ኣተኣማማኒ ክኸውንን
ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዝተረኽበ
ብልጫታት ክዕቀብን፣ ከምኡ’ውን
ንመምህራን ስልጠና ክውደብ
ተላብዩ።

ኣብ መዛዘሚ፡ ዋና ዳይረክተር
ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ
ዓንሰባ ኮሎኔል ተስፋጼን ግርማይን
ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣቶ
እድሪስ መሓመድን፡ መሰረት ስልጡን
ሕብረተሰብ ትምህርቲ ስለዝዀነ፡ ኣብ
ዝግበር ወፍሪ - ኮም ማእከል ዝገበረ
ኣበርክቶ ክሕይል ጸዊዖም።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ
ልዕሊ 90 ነጥቢ ዘምጽኡ ተመሃሮ
ተሸሊሞም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ካብ መዋእለ
ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዘምህራ
77 ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.59 7 ሕዳር 2026 - ገጽ 2

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ዜና

ቤት-ጽሕፈት ባህላውን ትምህርታውን ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሱዳን፡ ንመምህራን ስልጠና ወዲቡ
ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሱዳን፡
ኣብ ከተማ ፖርት-ሱዳንን ከባቢኣን
ኣብ ዝርከባ ሽድሽተ ኣብያተ-ትምህርቲ
ማሕበረኮም ኤርትራውያን ንዝሰርሑ
ዳይረክተራትን መምህራንን ስልጠና
ወዲቡ።

እቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብዝለኣኾም

ናይ ስነ-መምህርና ክኢላታት፡ ካብ 17
ክሳብ 29 ጥቅምቲ ዝተዋህበ ስልጠና፡
ኣብ ምሕደራ ክፍልን ቤት-ትምህርትን፡
ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ኣገባብ ውጥን ምህሮ፡
ኣገባብ ኣገማግማ ብቕዓት ተመሃሮን
ካልእ ኣርእስታትን ዘተኰረ’ዩ ነይሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ባህላውን

ዓዲ-ተከሌዛን - መንእሰያት ብሞያ ሰልጢኖም

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከሌዛን፡ ን3
ኣዋርሕ ብግብርን ክልሰ-ሓሳብን
ሞያዊ ስልጠናታት ክቐስሙ ዝጸንሑ
ልዕሊ 80 ተመሃሮ መንእሰያት፡ ብ31
ጥቅምቲ ተመሪቖም።

እቲ ስልጠና - ምዝርጋሕ
መስመራት ማይን ኤለክትሪክን፡
ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተርን ስነ-ጽባቐ
ጸጉሪ ርእስን ዘጠቓለለ ምንባሩ
ዝጠቐሰ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ’ቲ
ንኡስ ዞባ መንእሰይ ንርኣዮ ረዘነ፡
ዕላማኡ ምምዕባል ዓቕሚታት
መንእሰያት ከምዝዀነ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከሌዛን
ሌተናል ኮሎኔል የማነ መብራህቱ
ብግደኡ፡ ሃማመተኤ ምስ ናይ ስራሕ

መሻርኽቱ ብምትሕብባር፡ መንእሰያት
ብቑዕ ሞያ ዓጢቖም ዝያዳ ኣበርከትቲ
ክኾኑ ንዝገብሮ ዘሎ ኣስተዋጽኦ ድሕሪ
ምምጓስ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ
ኣብ ባይታ ክሰርሑሉን ደረጃኦም ክብ
ከብሉን ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ
ዓንሰባ ሓላፊት ክፍሊ ፕሮጀክት

ወ/ሮ ሻምላ ገብረኪዳን ብወገና፡ ኣብ
ዝሓለፈ 10 ዓመታት ማሕበር ኣብ
ርእሲ’ቲ ዝወደቦ ሞያዊ ስልጠናታት፡

ንሰልጠንቲ ንምትብባዕ መበገሲ
ዝዀኖም ወለድ ዘይብሉ ናይ ልቓሕ
ዕድል ከምዘጣጥሐ፣ ን6 ደቂኣንስትዮ

ድማ ቆፎታት ንህቢ ምስ ምሉእ
መሳርሒታቱ ከምዝሃበ ብምግላጽ፡
ሰልጠንቲ ተረባሕቲ ክኾኑ ተላብያ።

ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዕዮን ኣፍዓበት - ንኮሚተ ኮማዊ ተሃድሶ ስንኩላንን ኣረጋውያንን ስልጠና ተዋሂቡ
ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ
ኣፍዓበት፡ ብ2 ሕዳር ንኣባላት ኮሚተ
ኮማዊ ተሃድሶ ስንኩላንን ኣረጋውያንን
ኣብ ስርሖም ዝሕግዞም ስልጠና
ወዲቡ።

ሓላፊ ናይ’ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ
ማሕሙድ መሓመድ-ስዒድ ኣብ ዝሃቦ
ቃል፡ ስራሕ ኮሚተ ተሃድሶ ስንኩላንን
ኣረጋውያንን ንጽጉማት ወገናት
ምእላይን ምሕጋዝን ምዃኑ ብምግላጽ፡
እቲ ስልጠና ሓጋዚ ከምዝዀነ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ
ኣሕመድ መሓመድ-ኑር ረጀብ
ብወገኑ፡ ኣተኩሮ ኮሚተ ብዝያዳ ኣብ
ስንኩላን፡ ስድራ ስዉኣት፡ ደቂኣንስትዮ

ኣለይቲ ስድራታት፡ ኣረጋውያንን
ካልኦት ጽጉማትን ክኸውን ከምዝግባእ፣

ዝተራእየ ሃጓፋት ንምእራም ድማ
ብንጥፈት ክስራሕ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ መነባብሮ ስንኩላን፡
ኣረጋውያንን ካልኦት ጽጉማት

ወገናትን ንምምሕያሽ ኣብ ዝሕግዝ
ንጥፈታት፡ ተራ ምምሕዳራትን ካልኦት
መሻርኽቲ ኣካላትን ክዓዝዝ ጸዊዖም።

ትምህርታውን ጉዳያት ኤምባሲ
ኤርትራ ኣብ ሱዳን መምህር በዅረጼን
ሃብተሚካኤል ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ዝሰልጠነ
ግዱስ መምህር ብቑዕ ተመሃራይ
ከምዘፍሪ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ
ንዘርኣይዎ ተገዳስነት መጒሱ።

ኣብ’ቲ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ሓለፍቲ
ማሕበረኮም ኣብ ፖርት-ሱዳት፡

ኮሚተታት ወለዲ፡ ከምኡ’ውን ሓለፍቲ
ትምህርትን ካልኦት ሰበ-ስልጣንን ዞባ
ቀይሕ ባሕሪ ሱዳን ተሳቲፎም ምንባሮም፡
እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሰልጠንቲ፡
ኣሰልጠንቲ፡ ኣብያተ-ትምህርትን ካልኦት
ኣበርክቶ ዝገበሩን፡ ናይ ተሳትፎን
ኣበርክቶን ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።

በሪኽ - መዓልቲ ሓረስቶት ተዘኪራ
ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ማእከል፡
ብተሳትፎ ልዕሊ ሓደ ሚእቲ ሓረስቶት፡ ብ3
ሕዳር ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ጸዓዘጋ - ንኡስ
ዞባ በሪኽ መዓልቲ ሓረስቶት ጸንቢሉ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ንቐለብ ሰብን እንስሳን
ዘገልግል፡ ልዑል ትሕዝቶን እቶትን ዘለዎ
ዝተዳቐለ ብጫ ዕፉን፡ ኣብ ግራውቲ
ኣብነታውያን ሓረስቶት ኣብ መስርሕ ፈተነ
ከምዝርከብ ተገሊጹ።
ወኪል ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ
ኣስራት ሃይለ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡
ብመሰረት ናይ ሓሙሽተ ዓመታት

ስትራተጂያዊ ውጥን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡
“ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ
ኣብ ኩሉ” ንምስማር ብዝለዓለ ይስራሕ
ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሓረስቶት ንረብሓታት
ናይ’ዚ ዝተኣታቶ ዘሎ ዝተዳቐለ ብጫ
ዕፉን ተረዲኦም ብዝለዓል ክጥቀሙሉ
ኣዘኻኺሩ።

ሓረስቶት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ
ዝባዛሕ ዘሎ ዝተዳቐለ ብጫ ዕፉን
ውጽኢታውን ኣርባሕን ከምዝኾነ ክግንዘቡ
ከምዝበቕዑ ብምግላጽ፡ ከዘውትርዎ
ድሉዋት ምህላዎም ኣረጋጊጾም።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት መደብ

09፡00 ሃገራዊ መዝሙር
09፡05 ሃሎ ቈልዑ
09፡40 ፓኖራማ
10፡15 ጉዳይ ኣብ ዘተ
11፡00 ለሰ ስፖርት

12፡30 ዜና (ትግርኛ)
12፡55 ሰነዳዊት ፊልም ‘ትም
ምባል ስለዝመረጸ’
13፡30 ዜና (ዓረብ)
13፡50 መልሲ ኣብ መስመር
14፡30 ናትራን
17፡00 መሬትን ማይን ኣከባቢን
17፡35 ሳይዳ
18፡40 ደረትቃና

20፡00 ዜና (ትግረ)
20፡13 ፊልም ሕደጋት

21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 ተክ ኢንሳይት

22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡10 ድራማ

22፡30 ዜና (እንግሊዝ)



ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.59 7 ሕዳር 2026 - ገጽ 3

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

0 እዚ ሎሚ እንጥቀመሉ ዘለና

ቍጽርታት ካበይ መጺኡ፧ ቅርጹ
ከምዚ ክኸውን ዝገበረ መን
ይኸውን፧ ጽሕፈትን ቍጽርታትን
ብሓደ ድዩ መጺኡ፧ ቍጽሪ ኣካል
ጽሕፈት ዝዀነ መኣስ’ዩ፧ መንከ
ከምኡ ገበሮ፧ ወዘተ ዝብል ሕቶታት
ይመጽኣኩምዶ፧ ኵሉ ቍጽርታት፡
ዝውክሎ ዝጭበጥ ዓቐን ኣሎዎ።
ንኣብነት፡ ሓንቲ ኣራንሺ፡ ዝጭበጥ
ወይ ዝድህሰስ ህላወ ኣሎዋ፣
ስለዝዀነ 1 ኣራንሺ ንብል።
ነቲ ዝጭበጥ ህላወ ዘይብሉ፡ ነቲ
ዋላ ሓንቲ፡ ‘0’ - ባዶ ኢሎም
ኣብ ተርታ ቍጽርትታት ክኣቱ
ዝኸኣለስ ብኸመይ እዩ፧ መንከ
ከምኡ ገበረ፧

ቍጽሪ ባዶ (0) ኣብ ዓለምና
ካብ ዘሎ ቍጽርታት እቲ ኣዝዩ
ፍሉይን መስተንክራውን ታሪኽ
ዘሎዎ ቍጽሪ እዩ። ብተፈጥሮኡ፡
ንባዶነት ወይ ገለ ከም ዘየለ
ዘመልክት ጥራይ ክመስል ይኽእል
እዩ፣ እንተዀነ፡ ኣብ ክልሰ ሓሳባት
ስነ ፍልጠትን ሕሳብን ዝፈጠሮ
ዓቢ ሰውራን ፍታሕን መዳርግቲ
የብሉን። ብዘይ ቍጽሪ ባዶ፣ እቲ
ሎሚ ንጥቀመሉ ዘመናዊ ኣገባብ
ሕሳብ፡ ኣብ ኵሉ ዓውድታት፡
ብኣውራኡ ከኣ ኣብ ምህንድስናን
ዲጂታላዊ ተክኖሎጂ ኮምፕዩተርን፡
ፈጺሙ ክህሉ ኣይምኸኣለን።

ታሪኽ ባዶ፡ ነዊሕን እተሓላለኸን
እዩ። ኣብ ጥንታዊ ዘመናት፡
ከም እኒ ባቢሎናውያንን ማያንን
ዝኣመሰሉ ህዝብታት፡ ባዶ ከም

መፈላለዪ ቦታ (placeholder)
ጥራይ ይጥቀሙሉ ነይሮም።
ንኣብነት፡ ኣብ መንጎ ቍጽሪ 205
ዘሎ ባዶ፡ ኣብ መንጎ ዓዲ ሚእትን
ዓዲ ሓደን፡ ዓዲ ዓሰርተ ከም
ዘየለ ንምምልካት ጥራይ ዘገልግል
ምልክት ነይሩ። ይኹን እምበር፡
ባዶ ርእሱ ዝኸኣለ ዋጋ ዘሎዎ
“ቍጽሪ” ገይርካ ምውሳድ ግን
ንነዊሕ እዋን ኣጸጋሚ ነይሩ።

እቲ ናይ መወዳእታን ወሳንን
ስጕምቲ እተወስደ ኣብ ሃገረ ህንዲ
እዩ። ኣብ መበል 7ይ ዘመን ሓባራዊ
መዋእል፡ እቲ ህንዳዊ ስነ ፈለከኛን
ተመራማሪ ሕሳብን ብራህማጉፕታ

(Brahmagupta)፡ ንባዶ ከም ሓደ
ቍጽሪ ብምውሳድ ሕግታት ሕሳብ
ኣውጽኣሉ። ንሱ ባዶ ምስ ካልኦት
ቍጽርታት ክሕወስ፡ ክድመር፡
ክጕደል፡ ወይ ክባዛሕ ከሎ ዘርእዮ
ባህርያት ብንጹር ገለጾ። ህንዳውያን
ንባዶ ‘ሹንያ’ ኢሎም ይጽውዑዎ
ነይሮም፣ ትርጉሙ ድማ ‘ባዶነት’
ማለት እዩ።

ቍጽሪ ባዶ (0)
ካብ ፍጹም ባዶነት ናብ መሰረት ዘመናዊ ስልጣነ

ድሕሪ እዚ፣ እዚ ኣምር’ዚ ናብ
ዓረባዊ ዓለም ተሰጋገረ። እቲ
ፍሉጥ ዓረባዊ ፈላጥ ስነ ቍጽሪ
ኣል-ኸዋሪዝሚ ነዚ ስነ ሓሳብ’ዚ
ብምስፋሕ፡ ኣብ ስነ ፍልጠት
ሕሳብ ዓቢ እጃም ኣበርከተ። ካብ
ዓረብ ድማ ብነጋዶን ምሁራንን
ኣቢሉ፡ ብፍላይ ድማ ብኢጣልያዊ
ሊዮናርዶ ፊቦናቺ ኣቢሉ ናብ
ኤውሮጳ ተኣታትዩ፣ ንዓለም ምሉእ
ድማ ጸለዎ።

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ንባዶ፡
‘ባዶ’ ኢልና ንጽውዖ። ይኹን
እምበር፡ ኣብቲ ጥንታዊ ናይ ግእዝ

ቍጽርታትና (፩፡ ፪፡ ፫፡...) ምስ
እንርኢ፡ ንባዶ ዝውክል ፍሉይ
ምልክት ወይ ፊደል የለን። እቲ
ናይ ግእዝ ኣቈጻጽራ፡ ንዓሰርተታት፡
ሚእትታትን ኣሽሓትን ርእሱ
ዝኸኣለ ፍሉይ ምልክታት (ከም
፲፡ ፻) ስለ ዝጥቀም፣ እዚ ማለት፡
ቦታ ሒዝካ ቍጽሪ ምውሳኽ
ኣየድልዮን። ይኹን እምበር፣ ኣብ
ዘመናዊ ኣጠቓቕማ ትግርኛዊ
ኣጸሓሕፋ ቍጽርታትና ምስቲ
ዓለምለኻዊ ናይ ዓረብ ቍጽርታት
(1፡ 2፡ 3፡ ...) ብምውሃድ፡ ባዶ (0)
ዕለታዊ ህይወትና ዝመርሕ ቍጽሪ
ኰይኑ ኣሎ።

ባዶ ፍሉይ ባህርያት ዘሎዎ
ቍጽሪ እዩ። እወታዊ ወይ ኣሉታዊ
ኣይኰነን፣ ኣብ ኢንቲጀር ከም
እንምሃሮ፡ ኣብ ተርታ ቍጽርታት
ማእከል ዝርከብ መፍለዪ ነጥቢ’ዩ
እዩ። ገለ ካብ ፍሉያት ሕግታቱ፥

ምድማርን ምጕዳልን፡ ዝዀነ
ቍጽሪ ምስ ባዶ እንተ ደሚርካዮ

ወይ እንተ ኣጕዲልካዮ፡ እቲ
ውጽኢት - እቲ ቍጽሪ ባዕሉ

ይኸውን (ንኣብነት 5 + 0 = 5)።

ምብዛሕ፡ ዝዀነ ዓቢ ይኹን
ንእሽቶ ቍጽሪ ብባዶ እንተ
ኣረባሕካዮ፡ ውጽኢቱ ኵሉ ግዜ

ባዶ (0) እዩ።

ምክፋል፡ ንባዶ ብዝዀነ ቍጽሪ
ክትመቕሎ ትኽእል ኢኻ፣
ውጽኢቱ ባዶ ይኸውን። እንተዀነ፡
ንዝዀነ ቍጽሪ ብባዶ ምምቃል
ኣብ ሕሳብ ፍቑድ ኣይኰነን፣
‘ኣንዲፋይነድ’ ድማ ይብሃል።
ዝዀነ ቍጽሪ ንባዶ ዘይመቕለሉ
ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም፧
ክትሓስብሉ ንዕድመኩም።

ኣብዚ ዘለናሉ ዘመነ ዲጂታል፡
ባዶ ፍርቂ ናይቲ ዓለም ዘንቀሳቕስ
ዘሎ ቋንቋ እዩ። ኮምፕዩተራትን
ኵሉ ተለፎናትን ካልእን ዝሰርሑሉ

ስርዓት ‘ባይነሪ’ (Binary
system)፡ ብኽልተ ቍጽርታት
ጥራይ እዩ ዝሰርሕ፣ 0ን 1ን።
ብዘይ ባዶ፡ እዚ ሎሚ እንጥቀመሉ
ዘሎና ናይ ኢንተርነት፡ ኣርቲፊሻል
ኢንተለጀንስ (AI)፡ ከምኡ’ውን
ዘመናዊ ሶፍትዌራት ኣይምሃለወን።

ብሓፈሻኡ፡ ቍጽሪ ባዶ ካብ
ሓሳብ ‘ባዶነት’ ተበጊሱ፡ ንደቂ
ሰባት ዓቢ ናይ ኣተሓሳስባ ስፍሓት
ዝሃበ ፍልስፍናዊ ቍጽሪ እዩ።
ባዶ ንባዕሉ ዋጋ ዘይብሉ ይመስል
ይምበር፡ ንዅሉ ካልእ ቍጽርታት
ሓይልን ዓቕምን ዝህብ፡ ንዓለምና
ድማ ናብ ዘመናዊ ስልጣነ ዘሰጋገረ
ዓቢ መሳርሒ ስነ ፍልጠት እዩ።

‘0’ን ‘1’ን ዝሰረቱ፡ ባይናሪ ቍጽርታት

ባይናሪ ቍጽርታት፡ ስሙ
ከም ዝመርሖ ክልተ ቍጽርታት
ማለት’ዩ። ኵሉ እቲ ወትሩ
እንጥቀመሉ ዝውቱር ቍጽርታት

(ደሲማል ቍጽርታት 0፡ 1፡ 2፡…)
ኣብ ባይናሪ ብኽልተ ቍጽርታት
ይውከል፣ ‘0’ን ‘1’ን። ኵሉ
ዲጂታላዊ ተክኖሎጂ ከኣ በዚ
ክልተ ቍጽርታት’ዩ ዝካየድ።
ባይናሪ ቍጽርታት ኣብ ተክኖሎጂ
ሓበሬታ ካብቲ መባእታዊ ትምህርቲ
ሓደ’ዩ። ናይ ኮምፕዩተር መሞሪ
ሓበሬታ ዝቕመጠሉ ወይ ዝኽዘነሉ
ቦታ’ዩ። ልክዕ ከምዚ ኣብዚ ጋዜጣ
ተቐሚጡ ዝርከብ ሓበሬታ።
ዝተሰርዑ ፊደላት ንዝተወሰነ
ሓበሬታ ወኪሎም ኣለው። ኣብ
መሞሪ ዝቕመጥ ሓበሬታ ከኣ
ብዝተሰርዐ ‘ባይትስ’ ይቕመጥ።

ኵሉ’ቲ ካብ መባእታ ትምህርትና
ኣትሒዝና እንፈልጦን ክንቈጽሮ
ዝጀመርናን ቍጽርታት ዓሰርተ
ዲጂት ዘሎዎ’ዩ፣ 0123456789።
ካብ ባዶ ክሳብ ትሽዓተ ዝርከብ
ቍጽርታት ዓሰርተ’ዩ። እቲ ዝስዕብ
ቍጽርታት በዚኣቶም’ዩ ዝስራሕ፣

እዚ ዓይነት ኣቋጻጽራ ከኣ ኣብ
ዓሰርተ ዝተመርኰሰ ስለዝዀነ

ሰረት ዓሰርተ (base ten) ንብሎ።

ኮምፕዩተር ግን ሰረት ክልተ
እያ እትጥቀም። እቲ እትጥቀመሉ
ቍጽርታት ብ0ን 1ን ጥራይ
ይወከል። ክልተ ዋጋ ዘሎዎ
ቍጽርታት ይወስድ ብምህላዉ
ከኣ ባይናሪ ዲጂት ኣሎዎ።
ሸሞንተ ካብዚ ዲጂታት ሓደ ባይት
የቝም። ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ
ባይት ከኣ ንፊደላት ወይ ካልእ
ዓይነት ሓበሬታ ክውክል ይኽእል።

በዚ ባይናሪ ቍጽርታት ብገለ
ተግባራት ቍጽሪ ክዕየ ይከኣል’ዩ።
ባይናሪ ቍጽርታት ንኢንቲጀር፡
ቅኑዓት ቍጽርታትን ዕሽርን
ክውክል’ውን ይኽእል። ኣብዚ
ናይ ሎሚ ጽሑፍና ግን ባይናሪን
ደሲማልን ዝመዓራረይሉ ኣገባብ
ክንርኢ ኢና።

ኣብ ሰረት 10 ቍጽርታት፡ 0
እንተ ርኢና፡ ባይናሪ ቍጽሩ 0
እዩ። 1 ባይናሪ ቍጽሩ 1 እዩ። 2
ባይናሪ ቍጽሩ 10 እዩ፣ 1ን 0ን

እምበር ዓሰርተ ማለት ኣይኰነን፡
ባይናሪ ቍጽርታት ‘2’ ዝብሃል
ምልክት የብሉን። ብ10 ድማ
ይውከል። እታ 1 ናብ ጸጋም ዘሊላ
ምህላዋ ኣስተውዕሉ። ናብ ጸጋም
ምዝላል ማለት ከኣ ብ2 ምርባሕ
ማለት’ዩ። 1x2=2፡ ብተመሳሳሊ፡ 4
ባይናሪ ቍጽሩ 100 እዩ። እታ 1
ክልተ ዲጂት ዘሊላ ኣላ፣ እዚ ማለት
ክልተ ግዜ ብ2 ነርብሓ ማለት’ዩ።
1x2x2= 4።

ኵሉ ግዜ ኣብ ባይናሪ 1 ዘሎዎ
ዲጂት፡ ሓይሊ ክልተ ናይቲ ዘለዎ
ደረጃ ማለት’ዩ። 20=1፡ 21=2፡
22=4፡ 23=8፡ 24=16፡ …
27=128 ወዘተ ምዃኑ ንፈልጥ
ኢና። ንዝዀነ ባይናሪ ቍጽሪ
ናቱ ደሲማል ቍጽሪ ኣሎዎ።
ነዚ ክንፈልጥ ካብቲ ብየማን ዘሎ
ጀሚርና ነዚ ኣቒዲምና ዝርኣናዮ
ሰረት ክልተ ሓይልታት ኣርቢሕና
ክንረኽቦ ንኽእል። ንኣብነት፡ 1010
ባይናሪ ቍጽሪ እዩ። ናብ ደሲማል
ክንልውጦ እንተ ደሊና፡ ነቲ
ኣቐዲማና ዝርኣናዮ ሰረት ክልተ
ዘሎዎ ሓይልታት ካብቲ ብየማን

ዘሎ 0 ጀሚርና ብቐደም ተኸትል
ኣርቢሕና ምስ እንድምሮ እንደልዮ
ደሲማል ቍጽሪ ክህበና’ዩ።

(1x23

) + (0x22

) + (1x21

) +
(0x20

)

8+0+2+0= 10

ስለዚ፡ ዓሰርተ ኣብ ደሲማል
ቍጽሪ ክንጽሕፎ እንከለና 10፣ ኣብ
ዲጂታል ወይ ባይናሪ ግን 1010
ይኸውን። ካብዚ ከነስትውዕሎ
እንኽእል፡ ንናይ ምቕያር ዕዮና
ዘቃልል ኣሎ። ኵሉ እቲ ናይ
ባይናሪ ባዶ ቍጽርታት ነቲ ምስኡ
ዝረብሕ ሰረት 2 ሓይልታት
ኣራቢሑ ባዶ ስለ ዝገብሮ ኣብቲ
1 ዝሓዘ ዲጂት ምትኳር የድሊ።
00110000 ማለት (1x25

) +
(1x24

)= 32+16= 48

እቲ ኣብ ባይናሪ ብየማን
ጫፍ ዝርከብ ‘1’ ዘሎዎ ጐዶሎ
ቍጽርታት ክኸውን እንከሎ፡
እቲ ‘0’ ዘሎዎ ግን ምሉእ
ቍጽርታት’ዩ። ሓደ ደሲማል
ቍጽሪ ንኽልተ ክምቀል እንከሎ፡
ብቐሊሉ ክንርእዮ ንኽእል ኢና።
እቲ ንኽልተ ብዘይተረፍ ዝምቀል
ቍጽርታት፡ ‘0’ ክወሃብ እንከሎ፡
እቲ ተረፍ ዘሎዎ ከኣ ‘1’
ይወስድ። እዚ ካብ ደሲማል (ሰረት
ዓሰርተ ቍጽርታት) ናብ ባይናሪ
ክንቅይር ንጥቀመሉ ኣገባብ እዩ።

ባይናሪ ቍጽርታት ብሸሞንተ
ዲጂት ክውከል ምስ ዝድለ
ብቕድሚት ሸሞንተ ዲጂት ክሳብ
ዝመልእ ባዶ ክምልኣሉ ይከኣል።
ንኣብነት፡ 00001100 ተባሂሉ
ክጸሓፍ ይከኣል።

2 3

1

1

X

2 1

0

(11)2

= 310

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.59 7 ሕዳር 2026 - ገጽ 4

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ፋጥማ እስማዒል - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሕርሻን

መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ኣርካን ሓረስታይ ሓሰን ሑሴን

ፍረ ጻዕሪ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ዛንታ ብድሆታትን ዓወትን

ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረጻዕሪ፡
ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ዛንታ ብድሆታትን
ዓወታትን ኣርካን ሓረስታይ ኣቶ ሓሰን
ሑሰን፡ ንሓፈሻዊ ድሕረ ባይታኡ፡ ናብ
ዘመናዊ ትካል ሕርሻ ብኸመይ ከም
ዝኣተወ፡ ትካል ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ
ከመይ ጌሩ ከም ዝጀመሮን ዝሓለፎም
ብድሆታትን ዛንታ ዓወትን ርኢና
ኔርና። ኣብ ናይ ሎሚ ዓምዲ ድማ ናብ
ትካል መፍረ ደርሁ ከመይ ጌሩ ከም
እተሰጋገረን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃታትን
ካልእን ከመይ ከም ዝመስል ቀሪቡ ኣሎ፣
ሰናይ ንባብ!

ናብ ትካል መፍረ ደርሁኻ ክንሰግር

ነዊሕ መስርሕ ዝሓለፈ’ዩ። ከም
ትካል፡ ንጥፈታት ትካል ምርባሕን
ምስባሕን ጥሙር ሕርሻ ኮይኑ’ዩ ኣብ
2005 ተበጊሱ። ምሉእ ትሕተ-ቅርጺ
ተሰሪሕሉ፣ ክሳዕ 40 ሽሕ ደርሁ ክሕዝ
ዓቕሚ ነይሩዎ። እንተኾነ ኣይቀጸለን።

ስለምንታይ፧

ትሕዝቶ ቀለብ’ዩ። ኩሉ ብእኽሊ’ዩ
ዝኸይድ። ደርሆ ኸኣ እቲ ሰብ ዝምገቦ
እኽሊ’ያ ትወስድ። ሳሕቲ ድማ
ኣልፋ-ኣልፋ ትወስድ። ኩሉ ብቐሊሉ
ዘይርከብ’ዩ። ጉዳይ ምርባሕ ናይ ጸባ
ከብቲ ምስ ተሰናኸለ፡ ኣብ ምልማዕ
ዘራእቲ፡ ኣሕምልትን ካብ ክልተ-ሰለስተ
ዘይሓልፋ ከብትን ሒዘ እሳለ ነይረ።
ብድሕሪኡ ኣብ 2013፡ ሓበን ካሕሳይ
እተባህለ ወዲ ዓርከይ፡ ካብ ወጻኢ ሃገር፡
ስድራ ክበጽሕ ይመጽእ’ሞ፡ ብዛዕባ
ምዕጻው ትካለይ ምስ ሰምዐ፡ ነቡኡ
ሓቲትዎ፡ ኣቡኡ ኸኣ ኩሉ’ቲ ኵነታት
የዕለሎ።

ድሕሪኡ እንታይ ሰዓበ፧

ብዙሕ ምምልላስን ምምኽኻርን’ዩ
ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ግና “ባባ ሓሰን!
ንዓኻን ንባባን ንኽልቴኹም፡ ዓዓሰርተ
ሽሕ ጨቓዊት ገዚአ ከበግሰኩም’የ”
ይብለኒ፣ ሓሳቡ ገሪሙኒ። “ዋእ! ኣንታ
ወደይ ክኸብደካ’ዩ። እዚ ትብሎ ዘለኻ
መጠን ብዝሒ ጨቓዊት፡ ናይ ክልቴና
ኣዝዩ ብዙሕ ገንዘብ ዝሓትት’ዩ።
ክሳዕ ምውላድ ዝጅምራ፡ መግበን
ኣይከኣልን’ዩ” እብሎ። “ደሓን ባባ
ሓሰን፡ ንኹሉ ኣብ ግምት ኣእተየ’የ
ዝዛረበካ ዘለኹ” ይብለኒ። ‘ከምዚኸ
ኣሎ ድዩ?’ ኢለ፡ “በል ምስ ስድራይ
ክመክር” ኢለ ንገዛይ እኸደልካ።

እዚ ወዲ ዓርከይ ትብሎ ዘሎኻ፡ ከምዚ
ዝበለ ዓብዪ ሓሳብ ምሕሳቡ፡ ካብ ምንታይ
እዩ ትብል፧ ክሳዕ ኣብ ውላድ ብኸምዚ
ደረጃ ዝሰገር፡ ምስ ኣቦኡ ከመይ ዝበለ
ዕርክነት ድዩ ነይርኩም፧

ኣዝዩ ከቢድ ዕርክነት’ዩ ነይሩና። ብቓላት
ዝግለጽ ኣይኰነን።

ምስ ስድራኻ’ሞ እንታይ መኸርካ፧

ቅድሚ ሕጂ ንንግዲ ሰብ ከየማኸርኩ፡
ስቕ ኢለ’የ ዝኣትዎ ነይረ። ካብቲ
ዝሓለፈ ገልጠምጠማት ተማሂረ ግዲ
ኾይነ፡ ኣብዚኣ በጺሐ ኣይሰገርክዋን።

ኣብቲ እዋን ኣክረም ወደይ፡ ወዲ 22
ዓመት ኮይኑ ነይሩ። በዓልቲ ቤተይን
ወደይን ኮፍ ኣቢለ፡ ብዛዕባ’ቲ ዝቐረበለይ
ሓሳብ ብዝርዝር ኣካፊለዮም። ዓመት
ክልተ ዓመት ኮፍ ኢልና ካብ ነሕልፎ፡
ነዚ ሰናይ ሓሳብ ዘይንጥቀመሉ፡ ኣብ
ዝብል ሓባራዊ ሓሳብ ወዲቕና።
ድሕሪኡ፡ ናብ ሓበን ከይደ፡ ምስ
ስድራይ ከም ዝመኸርኩን፡ ነቲ ሓሳብ
ብምሉእ ልቢ ከም እተቐበልክዎን
ነጊረዮ። በዚ ተሰማሚዕና፡ ኣብ ክልቴና

ሰላሳን ሓሙሽተን ሽሕ ጨቓዊት፡ ካብ
ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣውጺእና።

ምስዚ ኩሉ ዝገበርካዮ ወፍሪ፡ እንታይ
ረቢሐ ትብል፧

ኣልሓም ዲሊላህ፡ ኣብ መወዳእታኡ፡
ፍረ-ጻዕረይ ረኺበ’የ። ካብ ዜሮ፡ ብልቓሕ
መንግስቲ ተበጊሰ፡ መንበሪ ገዛይ ሰሪሐ፡
ደቀይ ኣእኪለን ኣምሂረን። ብዓቢኡ
ወናኒ እዚ ትካል ኮይነ’ለኹ። ዓቕሚ
ነብሰይ ርእሰ-ማል’ውን ገይረ’ለኹ።

ካብ ደቅኻ፡ ኣብ ወፍሪ ሕርሻ፡ ተካኢ
ኣፍሪኻዶ፧

ብርግጽ። ብሕልፊ ብኣክረም ወደይ
እተኣማመን’የ።

ብዝገበርካዮ ወፍርን ብዘፍረኻዮ
ምህርትን፡ ህዝቢ ረቢሑ’ዩ ዶ ትብል፧

ካልእ ሰብ ምስክርነቱ ክህብ’ዩ ዝሓሸ።

ዘሰክፍ የብልካን። ኣብ ምርግጋእ ዕዳጋ
ተራኻ ኣይተጻወትካን ዲኻ፧ ናይ ስራሕ
ዕድል ኣይፈጠርካን ዲኻ፧

ብዛዕባ ነብስኻ ምዝራብ ኣይለመድናዮን።
ኣብ’ዘን ዝበልካየን፡ ኣብ ክልቲአን
ተዓዊተ’የ ብዘይ ቀለዓለም። ብእኡ
ንሕለፎ።

ዝርጋሐ ምህርቲ ናይዚ ትካል መፍረ
ደርሁ ከመይ እዩ፧

ካብ ዓዲ-ዃላ ክሳብ ኣስመራ

ኣብዚ እዋን ክንደይ ደርሁ ኣለዋኻ፧

ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዝርከባ፡ 27
ሽሕ ዝዀና ደርሁ ኣለዋኒ።

መጫጭሒት ማሽን ኢንኲቤተር
ኣላትካ። ከመይ ኢኻ ትሰርሓላ፧

ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ኣቢለ፡ ወዝቢ ካብ
ሓደ ዝፈልጦ ሰብ’የ ዓዲገያ። ናይ ነዊሕ
መደብ ዘለዋ፡ ኩሉ ነገር ብኣውቶማቲክ
እትሰርሕ ምዕብልቲ’ያ። መጠን ሙቐት
ይኹን ጠሊ ባዕላ’ያ ትቈጻጸሮ። ብሓደ
ግዜ 3,500 እንቋቝሖ ከተጫጭሕ
ትኽእል። ምስ ተዓደገት፡ ምስ ጓለይ
ክንሰርሓላ ጀሚርና ኔርና።

ኣብ ርእሲ’ቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብርትዓዊ
ዋጋ ጨቓዊት ዝዕድል ምዃኑ፡ እዛ
ማሽን ንምንታይ ተገድሰካ፧

ሓደ ኣብነት ክህበካ፡ ብደረጃ ዓለም

ሕማም ኣዕዋፍ (Bird flu) ኣጋጢሙ
ስለዝነበረ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከእቱ
ኣይከኣለን ነይሩ። ብሰንኩ ድማ ዋጋ
እንቋቝሖ ብተዓጻጻፈ ክንህር ተራእዩ
ነይሩ። ኣብ ከምዚ እዋን ኣገዳስነት ናይዛ
ማሽን ኣዝዩ ዕዙዝ ይኸውን ማለት’ዩ።
ግዜ ዘይብሉ ነገር የሎን፣ ነብስኻ ምኽኣን
ድማ ኣገዳሲ’ዩ።

ተራ ክኢላታት ሕርሻ ከመይ ትገልጾ፧

ተራ ክኢላታት ብፍላይ ድማ ሓካይም
እንስሳ፡ ኣዝዩ ዝምስገን’ዩ። ዋላ
ፍርቂ ለይቲ ይኹን ከምዚ ጉዳይ
ኣጋጢሙኒ እንተ ኢልካዮም፡ ተጓይዮም
ይመጹኻ’ዮም። ሓበሬታ ኣብ ምሃብ
ጥራይ ክትድንጕ የብልካን። ስለዚ፡
ኣብ ቀረብ መድሃኒት ደርሁ ሕጽረት
የጋጥም ምዃኑ እንተ ዘይኮይኑ፡ ዝግባእ
ኣገልግሎት ይህቡና’ዮም።

ቀንዲ ብድሆኻ

ጸዓት። ኣብ ግዜ ምዕኳዅ ጨቓዊት፡
ሕጽረት ጸዓት ከጋጥም ከቢድ’ዩ።
ጉዳይ ክታበት’ውን ብተመሳሳሊ።
ጨቓዊት ክመጻ እንከለዋ፡ ጉዳይ
ክታበት በብደረጃኡ ካብ መጀመርታ
ክሳዕ መወዳእታ ምስኣተን ክመጽእ
ለበዋ ዘድልዮ ኣይኮነን።

ናይ መጻኢ መደባትካ

ኣብ መፍረ ደርሁ፡ እቲ ዘሎኒ ትሕተ-
ቅርጺ፡ ገና ከምቲ ክሕዞ ዝግብኦ ብዝሒ
ደርሁ ኣይሓዘን ዘሎ። ክምስርቶ ከለኹ፡
መዓልታዊ ክሳዕ 30 ሽሕ እንቋቝሖ
ምፍራይ እዩ ነይሩ። ነዚ ክበጽሖ ገና
ኣብ መስርሕ ዘሎ ናይ መጻኢ መደበይ
እዩ። ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ’ውን ገና
ዘይደቀስኩሉ ናይ መጻኢ መደበይ’ዩ።
ኣብዚ’ውን ዘሎ ሃጓፋተይ ኣለልየ፡

ዳግማይ ከበራብሮ ብዕቱብ ክሰርሓሉ
ጀሚረ’ለኹ። ኣብዚ እኹል ዝኾነ
ተመኵሮን ትሕተ-ቕርጽን ስለ ዘሎኒ
እንተ ወሓደ ናብቲ ኣብ መጀመርታ
መጺሐዮ ዝነበርኩ ደረጃ ከብጽሖን
ልዕሊኡ ክኸይድን መዲበ ኣለኹ።
ብተወሳኺ ምምስራሕ ውጽኢት
ጸባ’ውን ምስኡ ዝኸይድ መደብ እዩ።
ኣብቲ ጥርዚ ናይ ጸባ ፍርያተይ በጺሐሉ
ዝነበርኩ እዋን፡ ርግኦ ክምስርሕ ጀሚረ
ነይረ። በዚ ኣጋጣሚ ዝምልከቶ ኣካል
ቆላሕታ ክገብረሉ ዘለዎ፡ ጉዳይ ቀረብ
ተወሳኺ መግቢ እንስሳ እዩ። እቲ ኣብ
ልዕሊ ቀጠልያ መግቢ ዝወሃብ ተወሳኺ
ማለተይ’ዩ። ኣነ ናይ ባዕለይ ትካል ስለ
ዘሎኒ፣ ባዕለይ ክምስርሕ እኽእል’የ፣
ቀረብ ጥረ-ነገራት ግና ክወሓስ ኣሎዎ።

ኣብ መወዳእታ ከተመስግን ዕድል
ክንህበካ፧

መጀመርታ፡ ነቲ ኣብ እዋን ጸገመይ
ዝሓገዘኒ ወዲ ዓርከይ፡ ሓበን ካሕሳይን
ኣቦኡ ካሕሳይን ኣዲኡ ይርጋኣለምን
ብልቢ ከመስግኖም እደሊ። ንኹሎም
ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ካብ ማእከላይ ቤት
ጽሕፈት ክሳዕ ዞባ፡ ንኡስ ዞባን ነቝጣን
ዘለዉ ብዝገበሩለይ ሞያውን ሞራላውን
ደገፋት አመስግን። ምምሕዳር ዞባ ደቡብ፡
ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኤርትራ፡
ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዓዲ-ዃላን ን/ዞባ
መንደፈራን፡ ህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ
ሻኻ እያሞን ዓዲ-ድራር ዓይንን ካልኦት
ዘይጠቐስኩዎም ትካላት መንግስትን
ውልቀሰባትን ብልቢ አመስግኖም።
ንዓኻትኩም ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ
ማእከላይ ቤት ጽሕፈት’ውን ነዊሕ
ተጓዒዝኩም ንንጥፈታት ትካለይ
ክትስንዱ ብምምጻእኩም ምስጋናይ
ወሰን የብሉን።

ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ቍ.8
ሓምለ 2026

ኣቶ ሓሰን ሑሰን



ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.59 7 ሕዳር 2026 - ገጽ 5

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሕቶ ሸባብ ሸባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ክቡራት ተኸታተልቲ ሕቶ ሸባብ፡
ሎሚ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ብኣማኻርን
ተመካርን ዓይነት ኣቀራርባ ጽሑፍ
ዘይኰነ፡ ኣብ ቀጥታዊ ምኽርታት
ንምድላው ንመርዓ ብምትኳር፡
ናብ ዝርዝር ሓሳባት ክንኣቱ ኢና።
ብቐዳምነት ግን መዘኻኸሪ ክንህብ
ንፈቱ፡ ካብዚ ቀጺሉ ሰፊሩ ኣብ ዘሎ
ጽሑፍ ንኣቀራርባ ብዝጥዕም ዋሕዚ
ምእንቲ ክንበብ፡ ብተባዕታያዊ ጾታ
ዝተሃንጸ ኣወዳድቓ ፊደላት እኳ
እንተዀነ ንኽልተኡ ጾታ ዝውክል
ከም ዝዀነ፡ ተሓሲቡ ክንበብ ንላቦ።

ምድላው ንሓዳር ካብ ምድላው
ንድግስ ወይ ውራይ ፈሊኻ
ብምርኣይ፡ ብምድላው ንዅለንትናዊ
ናይ ሓዳር ህይወት ዝብል ኣምር
ክርአ ኣሎዎ። ዋላ’ኳ ነታ ንሓንቲ
መዓልቲ’ውን ትኹን ዝግበር ናይ
መርዓ ድግስ ምሕሳብን ምድላውን
ዘድልዮ እንተዀነ፡ እቲ ብቐዳምነትን
ብዝዓዘዘን ክሕሰበሉ ዘሎዎን ነገር
ግን እንታይ እዩ ክኸውን ብዝብል
ሕቶ መሰረት፡ ናብቲ ቅኑዕን ብሱልን
ሓዳር ክትምስርት ዘድልየካ ሓቅታት
ምትኳር ኣገዳሲ እዩ። ብመሰረቱ፡
እታ ትምስረት ሓዳር፡ ድሕሪ ናይ
ዕርክነት ግዜ ወይ ድሕሪ ብኣማጽኣይ
ዝተፈጥረ ሓጺር ናይ ሌላ እዋን
ትኹን ምድላው ዘድልዮ ምዃኑ
ርዱእ’ዩ። ኣብ ግዜ ሌላኻ ኣብ ቅነ
መርዓ ንዝግበር ድግሳዊ ንጥፈታት
ንሓሳብካ ምስ ዝዕብልሉዎ፡ ነቲ
ቀንዲ ብዅለንትናኻ ክትዳሉዎ
ዝግብኣካ ናይ ሓዳር ህይወት
ክዕብልሎ ይኽእል’ዩ። ከም ሳዕቤኑ
ድማ ኣብቲ ሓጺርን ዘላቒ ዘይኰነን
ብምትኳር፡ ነቲ ነዊሕን ዘልኣለማውን
ርእሰ ነገር ምጕሳይ’ዩ ዝኸውን።
ኣብ መርዓይ እንታይ ክኽደን፧
ዳስ ከመይ ክሽለም፧ ስእልታተይ

ከም ናይ መን ክኸውን፧ ኰታ ነቲ
ኣብታ ዕለተ ጽምብል መርዓ ዝግበር
ንጥፈታትን ካልእ ኣብታ ዕለት’ቲኣ
ዝዛዘም ፍጻመታትን ከተተኵር
ዘይኰነ፡ ኣብቲ ነባርን ኣገዳስን
ዝመጽእ ናይ ሓዳር ህይወት ኣተኵሮ
ምግባር፡ ልቦና’ዩ። ሓደ ርብዒ ናይ
ምድላውካ ብዛዕባ’ዚ ነገራት’ዚ
እንተ ኰይኑ፡ እቲ ሰለስተ ርብዒ ናይ
ምድላው ድማ ብዛዕባ ናይ ሓዳር
ህይውት ክኸውን ኣሎዎ። ኵሉ
ንሓዳር ከነባብረካ ዝኽእል ቀንዲ
ነገራት ከይተሓስበሉ እንተ ተኣትዩ፡
ምድላው ብግዝያዊ ሀይሀይታ ጥራሕ
እንተ ተዓብሊሉ፡ ምናልባት ውጽኢቱ
ንናይ ሓዳር እዋን ብፎኲስን ከቢድን
ግርጭታት ክዕብለል፡ ምናልባት’ውን
ዕድመ ሓዳር ኣብ ሓደጋ ክወድቕ
ይኽእል’ዩ።

ቅድምን ድሕርን መርዓ ዝተፈላለየ
ግዜ ምዃኑ ብኽልተኦም ተጻመድቲ
ክፍለጥ ዝግብኦ መበገሲ እዩ።
ዋላ’ኳ እቶም ተጻመድቲ ቅድምን
ድሕርን መርዓ ንሳቶም እንተዀኑ
- ኣብ ባህሪ፡ ማሕበራዊ ህይወት፡
ተሓታትነትን ምሕደራ ትሕዝቶን
ዝተፈልዩ ክዀኑ ከም ዝግባኦም ክብሪ
ሓዳር ዝጠልቦ ግዴታታት ክርስዑ
የብሎምን። ካብዚ ቀጺሉ ብዝርዝር
ንምርኣይ በብሓደ ንዳህስሶ፥

1. ኣብ ባህሪ ዝግበር ምድላው፤
ክልተኦም ተጻመድቲ ከከም
ኣተዓባብያኦም ዝለመዱዎ
ልምድታት ከም ዘሉ ፍሉጥ እዩ። እዚ
ልምድታት’ዚ ቅድሚ ሓዳር ብሓደ
ሰብ ዝቕለስ ወይ ብፍጹም ዘይልለ
እንተ ነበረ፡ ሕጂ ግን መጻምድቲ
ተወሲኹ ስለ ዘሎ፡ ባህርኻ
ምግምጋምን ልምድታትካ ብደቂቕ
ምፍላጥን ኣድላዪ እዩ። እቲ ድሕሪ
መርዓ ዝመጽእ ናይ ሓዳር ህይወት፡
ኵለንትናኻ ብግብሪ ትማዛዘነሉ
ዝግብኣካ መድረኽ ምዃኑ ፈሊጥካ፡
ቅድሚ ሓዳር ኣብ ዝነበረ ዝምድና
ንመጻምድትኻ ንንምራኽ ኢልካ
ትገብሮ ዘይናትካ ባህሪ ከናብረካ ከም
ዘይክእል ብኣጋኡ ምፍላጥ የድሊ።

ሕጂ እዋኑ “ንስኻ” ምዃን እዩ።
ኣብዚ ናይ ምድላው ግዜ እምበኣር
ባህርኻን ልምድታትካን ብንጹር
ብምፍላጥ ወዲ እንተ ኰይኑ ብዓል
ሓዳር፡ ጓል እንተ ኰይና ድማ
ብዓልቲ ሓዳር ንምዃን ዝጽበየካ ተራ
ብግቡእ ምፍላጥ ይግባእ። ቅድም
ናይ ዕርክነት ዕላል እንተ ነይሩ ሕጂ
ግን ናይ ሰብ ሓዳር ዕላል ክኸውን
ኣሎዎ። ቅድም ዝተጠቐምካሉ
ኣቕሑ ፈቐድኡ ትሓድግ እንተ
ነይርካ፡ ሕጂ ግን በቦታኡ ከተንብር
ግዴታኻ ከም ዝኸውን ትለማመድ።
ትማሊ (ቅድሚ መርዓ) እንተ ድኣ
ብውልቅኹም ትውስኑ ነይርኩም፡
ሕጂ ግን (ድሕሪ መርዓ) ውሳነ
ብዓል ፍርቂ ስልጣን ተወሲኹ ስለ
ዘሎ ክትዘራረበሉ ኣድላዪ እዩ።

ኣብ ኣፈታትሓ ግርጭታት
ዝነበረካ ባህሪ፡ ኣብ ሓዳር ብውሳነ
ክልተ ተጻመድቲ ዝቕለስ ስለዝዀነ
ኣፈታትሓ ጕዳያትካ፡ ቅድም ብሓደ
ውልቀሰብ ዝምራሕ እንተ ነይሩ
ሕጂ ግን ምስ መጻምድቲ እዩ’ሞ፡
ኣብ ክልተኹም ዝተመርኰሰ
ኣፈታትሓ ግርጭታት ንምልምማድ
ምዝርራብ ኣድላዪ እዩ። እዚ ማለት
ንመጻምድትኻ ኣብ ግምት ዘእተወ
ውሳነ ቀዳምነት ምሃብ’ዩ። ኣብ
እዋን ግርጭታት ኣብ ዝግበር ዘረባ
“ስቕ በሊ ባዕለይ ኣለኹዎ!” ዓይነት
ተኣልዩ፡ “እንታይ እንተ ገበርና
ይሓይሽ!” ንምብህሃል ድሉው
ምዃን።

ምቕሉል ምዃን፤ ምስ መጻምድቲ
ትነብር ስለ ዘለኻ፡ ኣብ ኣዘራርባኻ፡
ዓይነት ሰበ ብዘይገድስ ኣብ ሰባት
ዘሎካ ኣጠማምታን ኣብ ትገብሮ
ማሕበራዊ ዝምድናታትን ምቕሉል
ምዃን የድልየካ። ካብ “ኣነ”
እናተባህለ ዝግለጽ ባህርያት ወሪድካ
ናብ “ንሕና” እናተባህለ ዝንበር
ናይ መጻምድቲ ህይወት ንምንባር
ትሕትና ዘሎዎም ርክብ ምምስራት
የድሊ እዩ። ሰባት ምዃንኩም
ፈሊጥካ፡ ንዝግበር ጌጋታት ብትሕትና
ምእራም ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ንስኻ
እውን ጌጋታት ክህሉወካ ከም

ዝኽእል ብቐጻሊ ምዝካር የድሊ።
ብጌጋኻ ሓቢርካ ሰሓቕ፡ ንምፍትሑ
ድማ ሓቢርካ ዘቲ።

ንኣይ ይጥዓመኒ ዘይኰነስ
ንመጻምድትኻ ዝጥዕም’ውን
ምእንቲ ክትሓስብ፡ ናይ ኣገልጋሊ
ባህሪ ተላበስ። ከምኡ ምስ እትግበር
ኣብ ሓዳርካ ሕጉስ ክትከውን ኢኻ።

2. ማሕበራዊ ህይወት፤
ኣብ ምድላው ንሓዳር ተጐስዩ
ክርሳዕ ካብ ዘይብሉ ሓደ ምድላው
ንማሕበራዊ ህይወት’ዩ። ከምቲ
ክልተኦም መጻምድቲ ወለዶም
ገዲፎም ኣብ ሓደ ምዃን ዘድልዮም፡
ክልተኦም መጻምድቲ ድማ ደረቱ
ብዝሓለወ መገዲ ናይ ነንሕድሕዶም
ወለዲ ኣብ ምኽባር ሓደ ምዃን
ከም ዘድልዮም ክርሳዕ የብሉን።
በዚ መሰረት ኣብ ምድላው ንሓዳር
ብዛዕባ ቀረባ ቤተሰብን ፈተውትን
ንምፍላጥ ምዕላልን ርክብ ምፍጣር፡
ነቲ ተጻማዳይ ማሕበራዊ ህይወት
ይምስርት ከም ዘሎ ንምፍላጥ
ይድርኾ እዩ’ሞ ብግልጽን ብቕንዕናን
ምዕላል ኣገዳሲ እዩ። ነቶም ናይ
ስድራቤት ኣድላዪነት ዘነጽሩ
ሓቅታት ጐሲኻዮም ኣብ ሓዳር
ምእታው፡ ኣብ ልዕሊ መጻምድትኻ
ተገዳስነት ከም ዘይብልካ ከስምዕ ስለ
ዝኽእል፡ ብደቂቕ ካብ ሓሳብ ክሳብ
ብግብሪ ነቲ ስድራቤታዊ ድሕረ
ባይታ ምፍላጥ ተለማመዶ። ማለት
ብውሕዱ ብኣካል ክትላለዮም፡
እንተ ዘይኰይኑ ድማ ብስሞም
ክትፈልጦም ኣድላዪ እዩ።

ደረት ዝርግሐ ዕርክነት’ውን
ምርኣዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣዕሩኽ ወይ
መሓዙት ክህልዉ ባህርያዊ’ኳ
እንተዀነ፡ ምስኣቶም ክህሉወካ
ዝግባእ ርክብ ግን ደረት ከም ዘሎዎ
ክሰሓት ኣይግባእን። ኣብቲ ብሕጂ
ዝመጽእ ሓዳር እትነብሮ ህይወት
ከም ትማሊ ስለ ዘይኰነ፡ ኣዕሩኽ ኰነ
መሓዙት ከም ድላዮም ዝምንጥሉኻ
ዘይምዃኑ ብምፍላጥ፡ ኣብቲ ቅድሚ
ሓዳር ዘሎ ግዜ ተለማመዶ። ንዅሉ
ደደረቱ ኣፍልጦ።

3. ተሓታትነት፤
እንተ ድኣ ክልተኦም መጻምድቲ
ኣብ ትሕቲ ጽላል ወለዶም ክነብሩ
ከለዉ ኣቦን ኣደን ሓላፍነት
ዝወስዱሎም ነይሮም፡ ሕጂ ድሕሪ
መርዓ ግን በብናይ ጾታኦም ጸጋ
ሓላፍነት ክወስዱ ሰለ ዝግባእ፡
ኣብ እዋን ምድላው ክሕሰበሉን
ክዝረበሉን ኣገዳሲ እዩ። እዚ ናይ
ክልተኦም ኣብ ሓደ ቤት እናነበሩ
ዝወስዱዎ ሓላፍነት፡ ሓደ ኣካል

ከም ዝዀኑ ፈሊጦም ተሓታትነት
ናይ ነፍሲወከፍ ስጕምቲ ኣብኦም
ምዃኑ ምሕሳብ ኣድላዪ’ዩ። ስለዚ፡
ንነፍሲወከፍ ዘረባን ተግባርን
ሓላፍነት ምውሳድ ተለማመዶ።

4. ምሕደራ ትሕዝቶ፤
ገንዘባዊ ይኹን ዓይነታዊ
ዋኒናት ምሕደራ የድልዮ እዩ።
በዚ ነገራት’ዚ ምዝታይን ዝበለጸ
ምሕደራ እንታይን እንታይን ዘካተተ
ክኸውን ከም ዘሎዎ ብግልጺ
ከተብስሎ ምፍታን፡ ናይ ጽባሕ’ዩ
ዝበሃል ንጥፈት ኣይኰነን። ካብ’ቶም
ኣብ እዋን ሓዳር ዝለዓሉ ዘገራጭዉ
ጕዳያት ሓደ ምሕደራ ትሕዝቶ’ዩ።
ኣብ እዋን ምድላው ንሓዳር
ዓቕምኹም ብዝጠልቦ ትነብሩሉ
ዓይነት ገዛ፡ ኣቕሑ ገዛን ካልእ
ነገራትን ኣቐዲምኩም ክትዘራረብሉ
ይግባእ። እዚ ድማ ኣካል ልምምድ
ንምሕደራ’ዩ። ናይ ክልተኻ
ኣበርክቶን ምሕደራኡን ኣገዳሲ
ስለ ዝዀነ፡ “ገንዘበይ ከም ድላየይ”
ዝብል ኣምር ተሪፉ፡ “ገንዘብና ከም
ድላይና” ዝብል ሓሳብ ንምልምማድ
ኣርእስቲ ዝርርብን ናይ ተግባር
ልምምድን ኣገዳሲ እዩ።

ክቡራት ኣንበብቲ’ዚ ዓምዲ፡ ኣብ
እዋን ምድላው ንሓዳር ነዚ ኣብ
ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጕዳያትን ካልእ
ንሓዳር ብስምምዕ፡ ፍቕርን ዓወትን
ክነባብሩዎ ዝኽእሉ ዛዕባታትን ኣብ
ግምት ብምእታው ምዝርራብ፡ ከምቲ
ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ልዕሊ ፍርቂ
ናይ ምድላው ክኸውን ኣሎዎ።
ምኽንያቱ፡ ምድላው ንሓዳር
ኪኖ ሓጺር ናይ መርዓ ድግስን
ናይ ሕጽኖት ጻንሖትን፡ ብሓባር
ንዘልኣለም ትነብሮን ረዚንን ሓደ
ካብ ኣገዳሲ ማሕበራዊ ክብርታት
ሕብረተሰብና ሰለዝኾነ። ርኣየለይ
ዝዓብለሎ ምድላው ነቲ ንስኻ ኴንካ
ትነብሮ ህይወት ኣይውክሎን’ዩ እሞ
ብኹለንትናኻ ንስኻ ኴንካ ምንባር
ግዜኡ ሕጂ እዩ። ኪዳን ክትኣትዎ
ከለኻ ትምሕሎ ማሕላ ቀሊል ውሳነ
ከም ዘይኰነ ብምዝካር፡ ንፍትሕ
ኣንፈት ዝህብ ቀዳዳት ከይህሉ
ኵሉ ግዜ ብዛዕባ’ታ ጽብቕቲ ሓዳር
ትነብሮ ህይወት ሕሰብን ንበረሉን።
ኣብ ኣካይዳኻ ድማ ቀዳምነት
ዝወሃቦ ነገር ብሩኽ ሓዳር ምንባር
ምዃኑ ተረዲእካ ዘረባኻ ወይ ዕላልካ
ኣሳጕማኻ ይኹን ተግባራትካ ናይ
ንፉዓት ይኹን።

ኣብ መደምደምታ ኣብ ምድላው
ንሓዳር ዝሕግዝ ጽሑፋትን
ኣስተምህሮታትን ምስታፍን ሓጋዚ
ስለዝዀነ፡ ንጠቐመሉ። ምኽንያቱ፡
ኣብ ድልዱል መስረት ዝተሃንጸት
ሓዳር፡ ሓጐስ ዝመለኣን ብሉጻት
ውሉድ እትሃንጽ መሰረታዊት ትካል
ዕውት ሕብረተሰብን ሰለዝዀነት።

ምድላው ንሓዳር

ሸባብ

ሃማ መ ተኤ

ሕቶ ሸባብ

ኤርትራ! ቅድምን ልዕልን ኩሉ
ዝብል፣

ርጉእ፣

ትጉህ፡ ትኩር፣

ራእይ ዘሎዎ፣

ዊንታን ክውንነትን ዘዛምድ፣

መላሲ ሕቶኡ፣

ንምዕባለ ዝጋደል፣

እንታይ ከም ዝደሊ ዝፈልጥ፣

ሰብኣውነት ዘሎዎ፣

ይከኣል እዩ በሃሊ።

ስምኦን ወልደሚካኤል

ኤርትራዊ

መንእሰይ

ሓዳስ ኤርትራ

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

መበል 36 ዓመት ቁ.59 7 ሕዳር 2026 - ገጽ 6

ምልክታ ጨረታ

ንሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ንሓደ (1) ዓመት ኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ
ዝተፈላለየ ናይ ቤት ጽሕፈት መሳርሒን ቴሌፎናትን ጽገና (Service)
ክገብረሉ ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ይዕድም።

ኣርእስቲ ጽገና (Service) ፦ ዝተፈላለዩ ናይ ቤት ጽሕፈት መሳርሒን
ቴሌፎናትን ዝምልከት ኣገባብ ጽገና፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
1. ንሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ናይ

ኣገልግሎት (Service) ፕሪንተራት (printers) ፍቶ ኮፕየራት (Phot-tocopiers) ስካነራት (scanners) ኮምፕዩተራት (Computers) ፋክስን (Fax) ተሌፎንን ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ትካላት ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስን ቅዳሕ መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣብ ቁጽሪ 15 ካብ ቤ/ጽሕፈት ፋይናንስ ናይ ጨረታ ሰነዳት ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ብጥረ ገንዘብ 100.00 (ሓደ ሚእቲ) ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ሰነድ ጨረታ ኣብ’ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 01/12/2006 ሰዓት 9፡45 ቅ/ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዪ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፡ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ስነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ዕለት 01/12/2006 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳይት ወጻኢ ጨ/ምምሕዳርን ፋይንናስን ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
8. ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣድራሻና
ሚኒስትሪ ፍጉዳይት ወጻኢ ክፍሊ ምምሕዳር
ቴለ. 125138
ጨ/ንብ/ሓ/ኣገልግሎት
ኣስመራ ኤርትራ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል
ኣስመራ

እስቲፋኖስ ስዩም ባህታ፡ ኣቦሓጎይ
ዑቕባቴድሮስ ጊላጋብር ማናን ዓባየይ
ኣስካሉ ወልደታትዮስን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ
9 ደቂ ሓትኖታተይን 4 ተተካእቶምን
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ቢንያም ምሕረትኣብ ተስፉ፡ ስም
ኣደይ ፍረወይኒ ፋኑኤል ሃይለ ምባል
ተሪፉ፡ ልኡላ ፋኑኤል ሃይለ፡ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ
መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ።

ወ/መልሲ ኣቶ መንሱር ሱሌማን ሓሰን፡
ይ/በሃሊ ኣቶ ተኽለሚካኣኤል መልኣከ
ሰሎሞን፡ ናይ ውዕል ክሲ ቀሪቡልካ
ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል
ን29/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ
ቁ/39 ይቕረብ።

ወ/ሮ በላይነሽ ኣብርሃም ሃብተ፡ ኣደይ
ወርቅነሽ ወልደማርያም ተወልደመድህን
ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ
ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ምዕራፍ ባይረ ትኩእ፡ ኣደይ ለተንጉስ
ህብትዝጊ ሃብቶምን ኣቦይ ባይረ ትኩእ
ባህታን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገሬዳ ጎይትኦም ኣባይ፡
ብዓል ቤተይ መሓሪ ወልዳይ ፍረ
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተስፋልደት ስእለጽዮን ሃይለ፡ ብዓልቲ
ቤተይ ለምለም ወልዳይ ወልደታትዮስ
ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ከኣ ወራሲ
ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ
መጋባእያ ቁ/38 ይቕረብ።

ይስሃቕ ገብረእዝጊ መንግስቱ፡ ኣደይ
ሕብረት ሓጎስ ቀላቲ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ
ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብስራት ኣብርሃም ፍስሃየ ምባል
ተሪፉ፡ ብስራት ኣብርሃ ፍስሃ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ
መጋባእያ ቁ/38 ይቕረብ።

መሓመድ ዑስማን መሓመድዓሊ ምባል
ተሪፉ፡ መሓመድዑስማን መሓመድዓሊ
ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን08/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኣማኑኤል ዘሚካኤል ሃይሉ፡ ኣደይ
ሳባ ገብረዝጊ ኣብርሃም ስለዝዓረፈት፡
ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ወ/ሮ ክብራ ከሰተ ይክኣሎ፡ ብዓል
ቤተይ ተስፋገርግሽ ሃይለማርያም ታፍላ
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና 1 ነ/ፍ ሳምሶም
ተስፋገርግርሽ ተተካእቲ 2 ደቁ ከኣ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኤልሳ ከፈላ ገብረሂወት፡ ት/ዕድ ሜላኣብ
ኢሳያስ የማነ፡ ኣደይ ሰላም ከፈላ
ገብረሂወት ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ
ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26
ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ የማነ ወልደሚካኤል፡ ተኸሳሲ
ኣቶ ሃብቶም ገብሪኤል፡ ንሲቪል ዝምልከት
ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን04/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ቁ/ 47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡
ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ
ንሕብር።

ወ/ሮ ጽገ ገብረእግዚኣብሄር ገብረ፡ ብዓል
ቤተይ ጸጋይ ገብረመድህን ስለዝተሰውአ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ፍረወይኒ ኣርኣያ ትኩእ፡ ኣቦይ ኣርኣያ
ቀሺ ትኩእ ተወልደብርሃንን ኣዴና
ምልእተ መሓሪ ኣይሙትን ስለዝዓረፉ፡
ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን02/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ክፍለ ኪዳነ፡ ተጸዋዒ ዓወት
ሃብቱ እምባየ፡ ንጉዳይ ሞግዚት ዝምልከት
ምልክታ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ
ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን09/12/26
ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ።
እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ
ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ሕርይቲ ብርሃነ ተስፉ፡ ተጸዋዕቲ
1. ሚካል ፍስሃየ ብርሃነ 2. ሰናይት ፍስሃየ
ብርሃነ 3. ሰለማዊት ፍስሃየ ብርሃነ 4. ዮናስ
ፍስሃየ ብርሃነ 5. ሳባ ፍስሃየ ብርሃነ 6.
ዳኒኤል ፍስሃየ ብርሃነ 7. ቴድሮስ ፍስሃየ
ብርሃነ፣ ናይ ውርሻ ክሲ ቀሪቡልኩም
ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል
ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ ቁ/39
መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡
ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ
ንሕብር።

ብፍ/በ/መሰል ኤስ ኣ ኢንተር ብሕቲ
ማሕበር፡ ብፍ/በ/ዕዳ 1. መንገዲ ኣየር
ኤርትራ 2. ትካል ዕደና ፋንኮ 3.
ትካል ዕደና ቀጢና ቁ/2 ትካል ዕደና
ፋንኮ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ፈጽሚ
ጉዳይ ስለዘሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ

2ይ መጋባእያ ቁ/49 ቅረቡ።
እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ
ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ እልልታ በርሀ ተሸመ፡ ብዓል
ቤተይ ተመስገን ይሕደጎ ገብረማርያም
ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26
ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ይቕረብ።

ወኪል መሓመድጌታ ዓጣ 2. ኑርዓይኒ
የሱፍ ስራጅ፡ ስም ወድና ሙኽታር
መሓመድጌታ ዓጣ ምባል ተሪፉ፡ ዓጣ
መሓመድጌታ ዓጣ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን08/12/26
ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተወልደ ገብረስላሴ፡
ብዓል ቤተይ ኣማን ሚካኤል ናትናኤል
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ከኣ ወራሲት
ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

እዝግሃርያ ሃብተማርያም፡ ብዓል ቤተይ
ሃለቃ ገብረሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኢሰያስ ተኸስተ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡
ኢሰይያስ ከሰተ ኣብርሃ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ

ዓዲ ጓዕዳድ

ሲሃም ናስር ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ሲያማ
ናስር ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስቲ መሓመድ እድሪስ ምባል ተሪፉ፡ ስቲ
መሓመድ ሲዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮዳስ ዓንደብርሃን ምባል ተሪፉ፡ ኖዳስ
ዓንደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ
ክርስትያን

ደሳለ ጊላሚካኤል ወልደሳሚኤል፡ ኣደይ
ለተንኪኤል ዘርእዝጊ ተስፋዝጊ ምባል
ተሪፉ፡ ለተጽየን ዘርእዝጊ ተስፋዝጊ
ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን08/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።
ሳምራዊት ስምረት ኣለማዮ ምባል
ተሪፉ፡ ሳብሪና ስምረት ኣለማዮ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ኤደን ኣስመሮም ዳዊት፡
ተኸሳሲ ኣቶ ልኡል ፍስሃየ ተስፋይ፡ ናይ
ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል
ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቅረብ።

ኣቶ ዳዊት ገብሩ ይካኣሎ፡ ኣደይ
ለተብርሃን ብርሃነ ተኽሉ ስለዝዓረፈት፡
ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን29/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ተኽለ ገብረትንሳኣኤ ወልደስላሴ ምባል
ተሪፉ፡ ተኽሉ ገብረትንሳኤ ወልደስላሴ፡
ስም ኣደይ ከኣ ቁዱሳን ገብረሚካኤል
ሃይሉ ምባል ተሪፉ፡ ቁዱሳን ገብረሚካኤል
ወልደጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰላም የውሃንስ ወልደሩፋኤል፡
ወለደይ የውሃንስ ወልደሩፋኤል ዘርአን
ሓረጉ ኣፈወርቂ ዑቕባገብሪኤልን
ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ሕዋተይ ወረስቲ
ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ድባርዋ

ሰናይት ያቆብ የውሃንስ፡ ስም ኣደይ
ጸሃይ ሮማ ወልደእድሪስ ምባል ተሪፉ፡
ሮማ ወልደእየሱስ ወልደማርያም ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትንሱእ ሰጊድ ማና፡ ብዓል ቤተይ
ቀሺ ካሕሳይ ገብረስላሴ ንኣምለከ
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ደቀምሓረ

ተስፋጋብር ሃይለሚካኣኤል ተወልደ፡
ምባል ተሪፉ፡ ጆሲ ሃይለ ተወልደ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን27/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዛይድ ረዘነ ገብረ፡ ብዓል ቤተይ ገብረኤል
ካሕሳይ ተኽለ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና
ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/26
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓዳስ ኤርትራ

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

መበል 36 ዓመት ቁ.59 7 ሕዳር 2026 - ገጽ 7

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ
ማእከል ኣስመራ

ሓዳስ ተወልደ መኮነን፡ ብወኪላ ኣቶ
ኪዳነ የማነ ገብረክርስቶስ፡ ብዓል ቤተይ
ሃብተሚካኤል ሃይለ በርሀ ስለዝዓረፈ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ወራሲት
ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሰስቲ ዓብዱራሕማን ኢብራሂም፡
ክውሰር ዓብዱራሕማን ኢብራሂም፡
ተኸሰስቲ ተስፋማርያም ሓድጉ፡
ወኪል ዮኑስ መሓመድ ዘዩን፡ ናይ
ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱ
ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል
ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ዕ/እኽሊ 6ይ
መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡
ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ
ንሕብር።

ወ/ሮ ስዕዲ ሑሴን ሓሚድ፡ ኣደይ
ስዕዲ ሱሌማን ዓብዱ ምባል ተሪፉ፡
ሱሌማን ዓብዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ከሳሲት ፍረወይኒ ገብረእግዚኣብሄር
ገብረስላሴ፡ ወኪል ቴድሮስ ተኽለ
ሃብተጊዮርጊስ፡ ተኸሰስቲ 1. ሂወት
ገብረኪዳን ይግዛው 2. ቃልኣብ
በርሀ ተስፋሚካኤል 3. ዮሃንስ በርሀ
ተስፋሚካኤል፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ
መኪና ጉዳይ ተኸሲስኩም ስለ ዘለኹም፡
ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል
ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን03/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ቅረቡ።
እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ
ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወኪል ናዝሬት ሓይለኣብ
ዑቕባክርስቶስ፡ ኣብርሃጼን ሓይለኣብ
ዑቕባክርስቶስ፡ ምባል ተሪፉ፡ ኣልማዝ
ሓይለኣብ ዑቕባክርስቶስ፡ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን03/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ
መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ከሳሲ ፍቃዱ ተኸስተ ገብረሚካኤል፡
ወኪል ኤደን ተኸስተ ገብረሚካኤል፡
ተኸሳሲ ተኽሉ መለስ፡ ናይ ሓዳር
ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል
ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን01/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ/38 ቅረብ።
እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ
ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ትዓገስ ይሕደጎ ተኪኤ ምባል
ተሪፉ፡ ትዕግስቲ ይሕደጎ ተኪኤ
ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ኣስካሉ ክፍለማርያም፡
ብፍ/በ/ዕዳ ኤፍሬም ብርሃነ፡ ንፈጽሚ

ምስጋና

ብዕረፍቲ ዘፍቅራ ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ
ወ/ሮ መኣዛ ኣርኣያ ወ/ገብሪኤል፡ ዝተሰመዓና
መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መካነ
መቓብር ሓዝሓዝ ዘቃበርኩምና ፈተውትን
መሳርሕትን፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ
ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፡
ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና
ሓዘንና ንዓጹ።

ብዓል-ቤታ ሚኪኤል ገዛኢ
ምስ ደቅናን ምሉኣት ስድራቤትን

ምስጋና

ብመስዋእቲ ጓልና ሶልያና ሳምሶም ቀሺ
ገብረእግዚኣብሄር፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን
እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩማን
ኣብ ግዜ ዕረፍታ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት
ዘቃበርኩምናን፡ ቤተ ክርስትያን መድሃኔ ኣለም

(ኦሮታን) መሳርሕታ ጨንፈር ፋይናንስን፡ ካብ
ውሽጥን ወጻእን ብቴለፎን ዘጸናናዕኩምና
ፈተውትን መሓዙትን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ
እናበልና ነመስግን።

ወለዳ ሳምሶም ቀሺ ገብረእግዚኣብሄር (ወዲ ቀሺ)ን
ሳባ እዮብን
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅራን እነኽብራን ኣዴና
ወ/ሮ ኤልሳ ዳዊት ሃይለ፡ ዝተሰመዓና መሪር
ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማማን ሓመድ
ኣዳም ምልባስን ኣብ ውሽጢ ዓዲን ወጻእን
ብቴሌፎንን ብኣካልን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም
ኣይትርከቡ የቐንየልና።

ደቃ ዮናስ እያሱ፡ ዮርዳኖስ እያሱ
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

ኣነ ኣበባ ዳዊት ክብሮም፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጸጸራት ጎደና 3882-6 ቁ.ገዛ 28 ኣብ ፕሎት 180 ፓርሰል F ዝርከብ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለይ ቁ/ንብረት 1፡004554/1 ብስመይ ዝተመዝገበ ኦርጅናል ሊብሬቶ ስለዝጠፈኣኒ፡ ረኺበዮ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሃልዩ፡ ብቁ.ቴለፎን 07748509 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ደዊሉ ክሕብረኒ፤ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታ ክወሃበኒ ክሐትት ምዃነይ እሕብር።

ብወኪል ኢሰያስ ዮውሃንስ ኪዳነ

ኣነ ኣቶ ምሕረትኣብ ተስፋማርያም መሃንሾ ዝተበሃልኩ፡ ነዚ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ኣስመራ ምምሕዳር ን/ዞባ ፓራዲዞ ዞፕ ኮድ 1A129 ኣብ ፕሎት 22 ፓርሰል G ጎደና 129-6 ቁጽሪ ገዛ 67 ዝርከብ፡ ካብ ኣቶ ሃብቲት በየነ ጊዮርጊስ፡ ብመገዲ ወኪል ብሕጋዊ መንገዲ ዝዓደግክዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስመይ ብመሸጣ ክመሓላለፈለይ ስለ ዝደለኹ፣ እቃወም እየ ዝብል እንተሎ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ (ሓደ ወርሒ) ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ንብረት መመዝገቢ (ካዳስተር ኦፊሰን) ይቕረብ።

ኣቶ ምሕረተኣብ ተስፋማርያም መሃንሾ
ብወኪል ኣቶ የማነ ተስፋማርያም መሃንሾ

ዝምልከት ክርክር ስለ ዘለኩም፡ ብፍ/በ/
ዕዳ ብተደጋጋሚ ግዜ ኣብ ዕለት
ቆጸራ ብዘይምቕራብካ፡ መስርሕ
ፈጽሚ ኣብዘየለኻሉ ዝርአ ዘሎ
ኮይኑ፡ ን08/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።
እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ
ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ሃብቶም ካሕሳይ ቀለታ፡ ኣደይ
ሕርይቲ ተስፋማርያም ገብረማርያም
ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/12/26
ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሙሴ ሃብተ ብርሃነ ምባል
ተሪፉ፡ ሙሴ ሃብቱ ብርሃነ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ
መጋባእያ ቁ/38 ይቕረብ።

ኣጸደ ሙሴ ከበደ፡ ኣደይ መብራት
ሓጐስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲት
ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት በየነ ገብረ፡ ብዓል
ቤታ ሰለሙን ግርማይ ወልደስላሴ
ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከኣ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/12/26
ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዑቕባይ ገብረገርግሽ ምስግና፡
ሓወይ ሰመረ ገብረገርግሽ ምስግና
ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን08/12/26
ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ
ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳሮን ንጉሰ ቀሺ ሃብተኣብ፡
ብዓል ቤተይ ዮሴፍ ኪዳነ ታረቀ
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን04/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ።

ፍስሃየ ገብረዮውሃንስ ቀላቲ ምባል
ተሪፉ፡ ፍስሃየ ዮውሃንስ ቀላቲ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን09/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ተኽለ ሃይለሚካኤል ገብረ፡ ስም
ኣቦይን ኣደይን፣ ኣቶ ሃይለሚካኤል
ገብረ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡
ሃይለሚካኤል ገብሩ ገብረእግዚኣብሄር፣
ስም ኣደይ መብራህት ወልዳይ ደበሳይ
ምባል ተሪፉ፡ መብራህቲ ወልዳይ
ደበሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን04/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ዘርኣይ ሃይለመለኮት፡
ብዓል ቤተይ ዮፍታሄ ዲሜጥሮስ

ገብረማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡
3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም
ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን02/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47
ይቕረብ።

ፍረወይኒ ካሕሳይ ገብረሂወት፡ ብዓል
ቤተይ ተኽለ ኣብርሃ ገብረእግዚኣብሄር
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26
ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ለተብርሃን ተወልደ ተስፋሚካኤል፡
ብዓል ቤተይ ኢዮብ ኣርኣያ
ቦኽረድንግል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡
5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም
ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን27/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰሊና ሙሴ ዳዊት፡ ተጸዋዒ
ኣቶ ያቆብ ኪዳነ ጸጋይ፡ ናይ ፍትሕ
ምጽዳቕ ምልክታ ኣቕሪባ ስለ ዘላ፡
ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ
ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን10/12/26
ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ።
እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ
ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ፋኑስ ገብረንጉስ ወልደሚካኤል፡
ኣዴና ገርግሽ ጸጋይ ጸጉ ስለዝዓረፈት፡
ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን02/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ቅድስቲ ገብረትንሳኤ ክፍለ፡
ብዓል ቤተይ መብርሃቱ በየነ መዓሾ
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ/38 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ገብረማርያም ወልደጋብር፡
ኣደይ ትንሳኤ ብርሃነ ተወልደ
ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/12/26
ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ሓልሓል

እድሪስ መሐመድ ኣድም ምባል
ተሪፉ፡ እድሪስ መሕመድ ኣድም
ዓጂብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ሳዓድያ መሐመድዓሊ ኣድም ምባል
ተሪፉ፡ ሳዓድያ መሐምድዓሊ ኢብራሂም
ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 7 ሕዳር 2026 - ገጽ 8 ዓመት ቁ.59

“ኣብ ርእሲ ቋንቋ ኣደኻ፡ ተወሳኺ ቋንቋ ምምላኽ፡ ክንዲ ብዙሓት

ሰባት ዘቑጽረካ’ዩ” - ተመሃሮ ቋንቋ ዓረብ

ስእሊ- ዮሃንስ በረኸት

ቤት ትምህርቲ ዛግረ ቋንቋ ዓረብ
ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ፡ ኣብ 8 ክፍልታት መቓቒሉ
ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤን
ኣሃዱኦምን ከምህሮም ዝጸንሐ 366 ተመሃሮ፡
ብዓርቢ 30 ጥቅምቲ 2026 ኣመሪቑ።
እዞም ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ዝተመረቑ
ተመሃሮ፡ ካብ ዝተፈላለያ ሚኒስትሪታትን
ትካላት መንግስትን ዝመጽኡ’ኳ እንተዀኑ፡
ዝበዝሑ ናይ ሕጂ ተመረቕቲ 10ይ ዙርያ
ግን ካብ ፖሊስ ኤርትራ፡ ቤት ማእሰርትን
ተሃድሶን ሓዝሓዝ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከልን
ዝመጽኡ ኣባላት እዮም ነይሮም። እዞም ን4
ወርሒ ብጽዑቕ ልምምድን ንጥፈታትን
ክመሃሩ ዝጸንሑ ተመረቕቲ፡ ኣብ ዕለተ
መመረቕታኦም ተረኺብና ምስኦም
ዘካየድናዮ ዕላል ይስዕብ።

- ፈለማ እንቋዕ ኣሓጐሰኪ! እስከ
ክንላለየኪ፧

ሓጐስ ይሃብካ። እልልታ ኣብርሃም እበሃል፡
ኣባል ሚ/ሪ ፍትሒ እየ።
- ሕራይ እልልታ፡ እዚ ን4 ወርሒ
ክትቀስምዎ ዝጸናሕኩም ትምህርቲ ቋንቋ
ዓረብ ዛዚምኩም ትምረቑ ኣለኹም’ሞ፡ ነዚ
ቋንቋ ብምምሃርኪ እንታይ ከሲበሉ ትብሊ፧
ካብ ብንእሽቶይ ጀሚረ ቋንቋ ዓረብ
ካብ’ቲ ዝሃርፎን ዝፈትዎን ዝነበርኩ ቋንቋ
እዩ። ከም’ዚ ክብለካ እንከለኹ፡ ዝተፈላለዩ
ናይ ዓረብ ፊልምታት ይዕዘብ ስለ
ዝነበርኩ፡ ክጽሕፍ እየ ዘይክእል እምበር፡
እሰምዕን እዛረብን ነይረ እየ። ኣብ’ዚ ቋንቋ
ቆርጠምጠም እብል ነይረ እየ። እዚ ጽልዋ
እዚ ድማ፡ ነዚ ሕጂ ዕድል ረኺበዮ ዘለኹ
መሰረት ዝገበረ እዩ። ኣብ’ዚ ቤት ትምህርቲ
ነዚ ቋንቋ ምምሃረይ ከኣ፡ ኣዝየ ሕጕስቲ
እየ። ምኽንያቱ ቋንቋ ዓረብ ኣብ ከባቢና
ጥራሕ ዘይኰነ፡ ኣብ ኤርትራ ካብቶም
ብብዝሒ ዝዝረብ ቋንቋ እዩ። ነዚ ቋንቋ
ኩሉ መንእሰይ ክኽእሎን ክመልኮን ኣለዎ
በሃሊት እየ።

- እስከ ናባኻ ክንሰግር፡ እዚ ትምህርቲ
ስለምንታይ እዩ ዝወሃብ፧ ከም ሃገርን ህዝብን
ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ምህላውና ዘለዎ

እልልታ ኣብርሃም

ህያብኤል ንጉሰ

ሲራክ ሰመረኣብ

ሰናይት ወልደኣብ

ተመረቕቲ፡ ኣባላት ቤት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ፡ ኣብ መድረኽ

ተመረቕቲ ካብ ዝተመሃርዎ እናቕረቡ

ቃለ- መሕተት ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ኣገዳስነትከ እንታይ እዩ፧
ፈለማ ህያብኤል ንጉሰ እበሃል። ተመሃራይ
ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ እምባሃራ እየ።
ኣብ ዓድና ተዛረብቲ ቋንቋ ዓረብ ዝዀኑ
ሕብረተ-ሰብ ኣለዉና። ብቐንዱ ድማ፡
ኣብ ጐረባብትና ዘለዋ ሃገራት እንተ ደኣ
ርኢኻየን፡ ተዛረብቲ ቋንቋ ዓረብ እየን።
ነዚ ቋንቋ’ዚ ምምሃርና ከኣ፡ ምስ እዞም
ኣህዛብ ብቐሊሉ ንኽንረዳዳእ ኣዝዩ ሓጋዚ
እዩ። ብሓፈሻ ቋንቋ ምፍላጥ ካብ ሓደ
ሰብ ሓሊፉ ብዙሕ ሰብ ከም ትኸውን
ዝገብር እዩ። ኣነ ከኣ ነዚ ቋንቋ’ዚ ኣብ
ንኡስ ዕድመይ ምኽሳበይ ከኣ ዕድለኛ እየ
ክብል እደፍር።

- ሕራይ፡ ንስኺ ድማ ስምኪ
እሞ ኣላልይና፡ እዚ ትምህርቲ ኣብ
ዝወሰድኩምሉ ግዜ፡ ከመይ ረኺብክዮ፧
ከምኡ’ውን ኣብ ስራሕኩም እንታይ
ኣበርክቶ ክህልዎ እዩ ትብሊ፧

ሰናይት ወልደኣብ እየ ዝበሃል። ኣብ
ኤሪቴል እሰርሕ። ፈለማ ናይ’ዚ ትምህርቲ
ተኻፋሊት ብምዃነይ ኣዝየ ሕጕስቲ እየ።
ብሓፈሻ እዚ ን4 ወርሒ ዝቐሰምናዮ
ትምህርቲ ቋንቋ፡ ኣዝዩ ጽቡቕ ነይሩ።
ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ከም’ቲ ብግዳም
ኴንካ ትዕዘቦ ኣይኰነን። ምስ ኣተኻዮ እቲ
ኣዝዩ መሳጥን ሰሓቢን ዝዀነ ትምህርቲ
እዩ። ተገዳስነት መምህራን ተሓዊስዎ ዳርጋ
ኩላትና ተመሃሮ ክንጽሕፍን ክንዛረብን
በቒዕና ኣለና። ዕላማ ናይቲ ቤት ትምህርቲ
ድማ እዚ እዩ መስለኒ። ኣብ ስራሕ እንተ
ደኣ ኰይኑ፡ ብዙሕ ኣበርክቶ ክህልዎ እዩ።
ምስ ብዙሓት ተዛረብቲ ናይ’ዚ ቋንቋ
ዘራኽብ ድልድል እዩ። ምስ ዝተፈላለዩ
ህዝቢ ንኽትረዳዳእን ክትዋሳእን ዝገብር
ምስ ምዃኑ ድማ፡ ብሉጽነት ናይቲ ቋንቋ
ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኰነን። ስራሕካ
ብዘይ ዝዀነ ጸገም ንኽትዓምም ዘኽእል
እዩ። ምስ ዝተፈላለዩ ተገልገልቲ ተዛረብቲ
ናይ’ዚ ቋንቋ ዲፕሎማሲ ንኽትፈጥር’ውን፡

ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

- እልልታ ኣብ’ዚ ተላዒሉ ዘሎ ዛዕባ
ትውስኽዮ ሓሳብ እንተለኪ ዕድል ክህበኪ፧
ብዛዕባ ኣገዳስነት እንተ ደኣ ኰይኑ፡
ንሕና ከም ሃገር ኣብ ከም ብዓል የመን፡
ግብጺ፡ ሶማል፡ ጅቡቲ፡ ስዑድያ.... ዝኣመሰላ
ሃገራት ኣብ ዙርያአን ስለ እንርከብ፡ ብቐረባ
ዝብጸሓና ቋንቋ እዩ ክንብሎ ንኽእል። ሓደ
ካብ እቶም ትሸዓተ ቋንቋታት ኤርትራ
እውን እዩ። ንሕና ከም ሚ/ሪ ፍትሒ ከኣ፡
ቋንቋ ዓረብ፡ ዓለም ለኻዊ ቋንቋ ብምዃኑ፡
ኣብ ስራሕና ጥራሕ ዘይኰነ ኣብ
ዝዀነ ትካል ናይ መንግስቲ ዓቢ ቦታን
ኣገዳስነትን እዩ ዘለዎ። ብፍላይ ምስ ናይ
ወጻእተኛታት ተገልገልቲ ዜጋታት ብዘይ
ጸገም ንኽትረዳዳእ ዝሕግዝ እዩ። “ንዑ
ተርጉሙለይ” ዘብል የብልካን። ብሓፈሻ
ንዝዀነ ናይ ወጻኢ ዜጋ በቲ ንሱ ዝርደኦ
ቋንቋ ክትዛረቦን ኣገልግሎት ክትህቦን
እንከለኻ፡ ዘለዎ ተራን ዝህቦ ባህታን ገዚፍ
እዩ። ኣብ ሃገርና እንተዀነ’ውን፡ ተዛራቢ
ቋንቋ ዓረብ ዝዀነ ህዝቢ ስለ ዘለና፡ ምስኡ
ክትበሃሃል ኣይትሽገርን ማለት እዩ። ስለ’ዚ

ኣብ መወዳእታ፡ ንኹሉ ደላዪ ናይ’ዚ
ትምህርቲ’ዚ ብሰፊሕ ኣገባብ ክወሃብን
ክቕጽልን ዘለዎ’ዩ ዝብል እምነት’ዩ ዘለኒ።
ብዘይካ እቲ እትውንኖ ቋንቋ ናይ ኣደኻ፡
ተወሳኺ ቋንቋ ምምላኽ፡ ክንዲ ብዙሓት
ሰባት ስለ ዘቑጽረካ።
- ሕራይ ንስኻ’ኸ መጀመርታ ስምካን
ትካልካን ክንላለየካ፧ ኣብ ክፍሊ ኣብ
ትገብርዎ ዝነበርኩም ሓድሕድ ልምምድን
ዕዮታትን ከመይ ትዝክሮ፧

ኣክረም ዓብደልዋሃብ እበሃል። ካብ
ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ኤርትራ
እየ። ብኣጠቓላሊ ተጠቀምቲ ናይ’ዚ ዕድል
ትምህርቲ ምዃንና ዕድለኛታት ኢና
ክንብል ንኽእል። ጽቡቕ ተሳታፍነትን
ንጥፈታትን ናይ ተመሃሮ ድማ ነይሩዎ።
መምህራንና’ውን ኣዝዮም ጻዕረኛታትን
ግዱሳትን እዮም። ንዓና ከረድኡ

ዘይገብርዎ ኣይነበሩን። ብዙሕ ደኺሞም
እዮም። ዘርእዩዎ ዝነበሩ ተወፋይነት ኣዝዩ
ዝነኣድ እዩ። ከም መምህራንና ዘይኰኑ፡
ኣዕሩኽትና እዮም ምባል ይቐልል። ስለ
ዝዀነ ምስኦም ዘለና ርክብን ዝምድናን
ነቲ ትምህርቲ ዝያዳ ብዘይ ጸቕጢ
ንኽንስዕቦን ክንርደኦን ሓጊዙና እዩ። እቶም
ተመሃሮ’ውን ኣብ ሓድሕድና ዝነበረ
መንፈስ ኣብቲ እንገብሮ ዝነበርና ልምምድ
ክንደጋገፍ ኣኽኢሉና እዩ። እዚ ከኣ እቲ
ብሓባር ኴንካ ምምሃር ዘለዎ ረብሓታት
ኣርእዩና እዩ። ብዓቢኡ ግን፡ ነዚ ትምህርቲ

እዚ ምውሳድና፡ ንሕና ከም መንእሰያት
ርእሰ ምትእምማን ከተጥሪ ደራኺ ነይሩ
ክብለካ እኽእል። በዚ ኣጋጣሚ ድማ፡
መምህራንና ነዚ ሕጂ በቒዕናዮ ዘለና
ንኽንከውን ስለ ዝገበሩ ነመስግኖም።
ምኽንያቱ እቲ ኣብ ንሓድሕድና ንገብሮ
ዝነበርና ልምምድ ብዘይ ምትሕፍፋር ከም
ንዋጽኦ ስለ ዝገበሩ። ብሓፈሻ ግን፡ ነዚ
ቋንቋ’ዚ ምቕሳምና፡ ምስ ምዕባለን ሕንባበን
ቴክኖሎጂ ክንከይድ ኣኽኢሉና እዩ።

- ሕራይ ሲራክ ሰመረኣብ ካብ ኣሃዱ
ሜካ 74፡ እዚ ቋንቋ ምምሃርን ፍልጠት
ምድላብን ኣብ ጸጥታን ምክልኻልን ዘለዎ
ረብሓታት እንታይ እዩ ትብል፧

ንሕና ነዚ ቋንቋ እዚ ምምሃርና ሓደ
ስጉሚ ንቕድሚት እዩ። ምኽንያቱ ቋንቋ
ዓረብ ኣብ’ዚ ዘመናዊ ዓለም ብሓፈሻ
ኣብ’ዚ ዘለናዮ መድረኽ ድማ ብፍላይ
ግዴታ ክትመሃሮን ክትፈልጦን ኣለካ።
ከም ህዝብን ሃገርን ኰይንካ ክርእዮ
እንከለኻ ድማ፡ ዓበይቲ መኽሰባት
እዩ ዘለዎ። ጸጥታን ሰላምን ውሽጥኻን
ከባቢኻን ኣብ ምሕላው፡ ምስ ካልኦት
ዜጋታት ኣብ ዝግበር ናይ ስራሕ ርክብን
ምርድዳእን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ታሪኽን
ባህልን፡ ድሕረባይታን ምዕባለን ካልኦት

ሃገራትን ኣህዛብን ንኽትፈልጥ እውን፡
ልዑል ኣስተዋጽኦ እዩ ዘለዎ። ኣብዚ
እዋን ምፍላጥ ቋንቋ ዓረብ፡ ኣብ ዕብየትን
ምዕባለን፡ ጸጥታን ምክልኻልን ሃገር ወሳኒ
እዩ። ንሕና ድማ ከም ሰልጠንቲ ኣብ
ነፍሲ-ወከፍ ትካል መንግስቲ ነዚ ናይ
ትምህርቲ ዕድል ምርካብና ሕጉሳትን
ዕድለኛታትን ኢና።

- ሲራክ፡ ቅድሚ ምዝዛምና ትውስኾ
እንተለካ፧
ቋንቋ ዓረብ ዓለምለኻዊ ቋንቋ ምስ

ምዃኑ፡ ኣስተዋጽኦኡ ኣዝዩ ልዑል
እዩ። ንሕና ኩላትና ተመሃሮ ብሓባር
ንሰርሕ ብምዃንና ከይተሰከፍናን

ከይተሓፋፈርናን ኢና ነቲ ትምህርቲ
ተኸታቲልናዮ፡ ሓሳባትና ንለዋወጥን
ንደጋጋፍን ድማ ነይርና። እዚ ነቲ ቋንቋ
ክንመልኮን ኣንፈት ክንሕዝን ሓጊዙና
እዩ። “ክፈልጦን ክሕዞን ኣለኒ” ኢልካ
ብወኒ እንተ ደኣ ተበጊስካ፡ ቀልጢፍካ
ንኽሕትሕዞ ኣይትሽገርን ኢኻ። ቅልል
ዝበለ መጽሓፍቲ ናይ ቋንቋ ዓረብ
ብምንባብን ጋዜጣታት ብምክትታልን
ቪድዮታት ናይ ቋንቋ ዓረብ ብምርኣይን
ብዘይ ስክፍታ ብምዝራብን፡ ነብስና ከም
ነዕቢ ካብዚ ትምህርቲ ተመኲርና ኣለና።
ስለዚ ጽቡቕ ዝዀነ ኣንፈት ጎደና ናይዚ
ቋንቋ ሒዝና ኣለና። ከም ውጽኢቱ
ድማ፡ ኩሉ’ቲ ኣብዚ ዕለተ መመረቕታና
ንዕዱማት ኣጋይሽ ዘቕረብናዮ ምርኢታት
ማለት ድራማታት፡ ግጥምታት፡ ዝርርብ፡
መደረ፡ መዛሙር ... ንመኸተን ጅግንነትን፡
ቅያን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ
እዩ ነይሩ። ቴማ ናይዚ መመረቕታ
ብዓቢኡ ንመኸተ ሃገርና ዘማእከለ እዩ
ነይሩ። ኣብ መወዳእታ፡ ንዝተገብረልና
ቃለ-መሕተት ኣዚና ነመስግን።



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

መበል 36 ዓመት ቁ. 59 7 ሕዳር 2026 - ገጽ 9

ዓይኒ፡ ኣፍንጫ፡ መልሓስን እዝንን
ተገዲሶም ንዘረባ ቈርበት ኣዳመጽዎ።
መልሓስ ግና ስለ ዝተነቕፈት
እናተሸቝረረት ትሰምዕ ነበረት።

“ሓቅኻ ኣለኻ። ነቲ ትብሎ ዘለኻ ብዙሕ
ግዜ ይዘራረቡሉ እዮም። ኣብ ተግባር ግን
ይኸብዶም። እዚ ቈርበት ዝተዛረቦ ከኣ
ከተግብሮ እየ። እምበር፡ መልሓስ ብዙሕ
እዩ ጥቕመይ ንምስትምቓር ዝጥቀሙለይ
ውሑዳት እዮም። ንኣይ ኣብ ምዝራብ
ጥራይ እዮም ዝጥቀሙለይ ኣነ’ውን
ዝብሃል ኣሎኒ፡” መልሓስ ክትምልስ
ጀመረት።

“ዝረሳዕኩዎ፡” ቈርበት ክዛረብ ጀመረ፡
“ልዕሊ ኩሉ መልሓስ ዝኣበሰቶ፡ ኣነ እየ
ዝሕመሎ ዘለኹ፡” ንኣርባዕቲኦም ህዋሳት
ጠመቶም።

“ከመይ ማለት፧” መልሓስ፡ ንቘርበት
ዘረባኡ ኮሊፋ ብሕርቃን ሓተተት።

“ከመይ ይብል ለባም፡ ኣብ ዝሓለፈ
ሰሙን ዘጓነፈ ክነግረኩም። ዓይኒ’ኳ
ብዓይና ርእያቶ እያ። ክልተ ቈልዑ ኣብ
መንጎ ጸወታ ተባኢሶም። መልሓስ ናይቲ
ሓደ ቈልዓ፡ ‘ጐሓፍ’ ኢላ ጸሪፋ። በቲ
ጐደና ሓደ መንእሰይ ይሓልፍ ነበረ። ነዚ
ሕማቕ ጸርፊ ምስ ሰምዐ ድማ ናብቶም
ቈልዑ ኣላጊሱ፡ ነቲ ዝጸረፈ ቈልዓ ድሕሪ
ምምዓድ ኣብ ቅልጽሙ ቈንጢጡ ኣሕርር
ኣበሎ። እቲ ዝተጻረፈ ቈልዓ ስለ ዘሕመሞ
ክበኪ ጀመረ። ርኣይዎ እዚ ኣብ ኢደይ
ዘሎ በሰላ፡ ክሳዕ ሕጂ የቐንዝወኒ ኣሎ፡”
ቈርበት ነታ በሰላ ናይ ኢድ ኣርኣዮም።
ቀጺሉ ከኣ፡ “ኣነ እንታይ በዲለ፧ ዋላ
ሓንቲ ኣይበደልኩን። መልሓስ ዝኣበሰቶ
ግን ኣነ ምስኪን ቈርበት ተቘንጢጠዮ።
እዚስ ኣየገርምንዶ፧” ቈርበት ተዛሪቡ ምስ
ወድአ፡ ገጹ ኣሲሩ ንኣርባዕቲኦም ህዋሳት
ጠመቶም።

“ጽቡቕ ዘኪርካ ቈርበት፡” ዓይኒ
ክትዛረብ ጀመረት። ቀጺላ፡

“እታ መዓልቲ እቲኣ ንኣይ’ውን
ኣረኻኺባትለይ እያ። ንቘርበት ምስ

ኣሕመሞ መን ድዩ ነቢዑ፧” ንኹላቶም
ቀው ኢላ ድሕሪ ምጥማት፡

“ኣነ እየ ነቢዐ። መልሓስ ብዝገበደለቶ
ቈርበት ተሃሪሙ፡ ኣነ ድማ ነቢዐ፡” ዓይኒ
ዝኽራ ኣካፈለት።

“ሓቂ! ኣነ ኣፍንጫስ መኣስ ኣምሊጠ።
ዓይኒ ክትነብዕ ከላ፡ ኣነ ኣፍንጫ’ውን
ተተንኪፈ እንድየ። ንዓይኒ ከሰኒ ምስኣ
ንፋጠይ ጸረር አብል ነይረ። ስለዚ፡ በጃኺ
መልሓስ ሓብተይ ኣስተውዕሊ፡” ኣፍንጫ
ተወሳኺ ሓበሬታ ሃበ።

“ወይለይ ወይለይ ኣነ’ውን ገለ ነገር
ዘኪረ፡” እዝኒ ብሃንደበት ክዛረብ ጀመረ።
“እዛ መዓልቲ ንኣይሲ መኣስ ገዲፋትለይ።
መጀመርታ ሕማቕ ጸርፊ ሰሚዐ። ኣነ
እዝኒ፡ ወዲ ሰብ ጽቡቕ ክዛረብ ከሎ
ኣመና እየ ዝሕጐስ። ካልኣይ፡ ቈርበት
ምስ ተቘንጠጠ ብኽያት ናይ ሰብ
ሰሚዐ። እዚ ብኽያት እዚ ድማ ንኣይ
የበላሽወኒ እዩ። ስለዚ፡ መልሓስ ብዝገበረቶ
ጌጋ ዓይኒ፡ ኣፍንጫ፡ ቈርበት ከምኡ’ውን
ኣነ ተሃሲና። እሞ መልሓስ ሓብትና
ትልክምና ስለ ዘለኺ በጃኺ ተዓገሲ።
ብዝተኻእለ መጠን ጽቡቕ ተዛረቢ፡” እዝኒ
ትዕዝብቱ ኣካፈለ።

“ኩልኻትኩም እምበር ተሳሂልኩምኒ።
ድሕሪ ሕጂ ኣነ ጥንቅቕ ክብል እየ።
ኩላትና ድማ ነናትና ጌጋ ስለ ዘለና
ብስኒት ክንሰርሕ ይግብኣና። ኣቦ ኩልና
ዝኾነ ሓንጐል ድማ ከወሃህደና ተስፋ
እገብር፡” መልሓስ ጌጋኣ ተኣመነት።

በዚ፡ ድማ ዋዕላኦም ዛዚሞም ነናብ
ስራሖም ኣምርሑ። ካብዛ መዓልቲ
ኣትሒዞም ድማ ብፍቕርን ስኒትን
ተወሃሂዶም፡ ንወዲ ሰብ የገልግሉ ኣለዉ።
መልሓስ፡ ካብዚ ዋዕላ፡ ዝያዳ ካብ ኩሎም
ህዋሳት ብዙሕ ትምህርቲ ቀሰመት።
ድሕሪ እዛ መዓልቲ ድማ ብዙሕ ካብ
ምዝራብ ተቖጠበት።

ተፈጸመ!

ዋዕላ ህዋሳት 10 ፍልልያት ርኸቡ

ኣገረምቲ ቁጽርታት

111 ÷ 3= 37

222 ÷ 6= 37

333 ÷ 9= 37

444 ÷ 12= 37

555 ÷ 15= 37

666 ÷ 18= 37

777 ÷ 21= 37

888 ÷ 24= 37

999 ÷ 27= 37

1×8+1=9

12×8+2=98

123×8+3=987

1234×8+4=9876

12345×9+5=98765

123456×8+6=987654

1234567×8+7=9876543

12345678×8+8=98765432

123456789×8+9=987654321

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.59 7 ሕዳር 2026 - ገጽ 10

ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ኣንስትዮ ሃ ማ ደ ኤ

ዛንታ ናይዛ ስእሊ

1. ጽገ ኣለም (ጭብ) 2. ሰማይነሽ ኪሮስ (ትሪንዳድ) 3. ኣሰፋሽ ሃብተ
(ትዌና) 4. ኤልሳ ሚልክየስ

ኣብ ዝሓለፈ 2ይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ፡
ጽገን ጸጋን ብጸላኢ ድሕሪ ምምራኸን፡
ፈለማ ኣብ ቃኘው ከም ዝተዳጎና፡
ቀጺለን ናብ ማርያም ግምቢ ብምስግጋር
ከቢድ ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ሃስያ
ዘውረደለን ብግፍዒታት ዝተሰነየ መርመራ
ከም እተኻየደለን፣ ብድሕሪ’ዚ ናብ ቤት
ማእሰርቲ ሓዝሓዝ ከም ዝተሰጋገራ፣ ሓደ
እዋን ጽገ ኣለም ብሓለውቲ ናይቲ ቤት

ማእሰርቲ ተሰንያ ኣብ ሕክምና (ሆስፒታል)
እንከላ፡ ሓንቲ ፍርዳ ወዲኣ ዝወጸት
እትፈልጣ ሰብ ሰላም ከም እትብላ ተመሲላ
ሓንቲ ብፕላስቲክ ዝተጠቕለለት ወረቐት
ከም ዘጨበጠታ፣ እንተኾነ ከተጨብጣ
እንከላ ኣብ ዓይኒ ተኸታተልታ ዝኣተወት
ኮይኑ ስለ ዝተሰምዓ፡ ፍቓድ ሓቲታ ትሸይን
ኣምሲላ ናብ ዓይኒ ምድሪ ብምእታው ነታ
ዝተጠቕለለት ወረቐት ከም ዝወሓጠታ፣
ድሕሪ ሳልስቲ ምስ ቀልቀላ ምስ ወጽአት
ድማ ኣንቂጻ ከም ዝነበበታ፣ ኣብ 1987 ከኣ
ስድራአን ብላዕ ሂቦም ካብቲ ቤት ማእሰርቲ
ናጻ ከም ዘውጽኡወን፣ ብድሕሪ’ዚ ጸጋ
ዘርኢማርያም ናብ ኣመሪካ ከተምርሕ
እንከላ፡ ጽገ ኣለም ድማ ዓመት ጸኒሓ
ዳግማይ ናብ ሜዳ ብምምላስ ገድላዊ ጉዕዞኦ
ከም ዝቐጸለቶ ነቢብና ኔርና። ንሕጂ ድማ
ሳልሳይን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ - ሰናይ
ንባብ፦

ትሪኒዳድ፡ ሓጻር በራኽ ዋዕሮ

ተጋደልቲ ዘየውጽእዎ ሳጓን ጤል
ዘይትጠጥሞን ስለ ዘየለ፡ ብዙሓት
እታ ንሸማይነሽ ዝለገበታ ‘ትሪንዳድ’
እትብል ሳጓ ምስ ቁመታ ከተሓሕዝዋ
ይፍትኑ’ዮም። ገለ’ውን ስሒቖማስ
‘ክሪኒዳድ’ ኢሎም መዋእል ዝጸውዑዋ
ኣይተሳእኑን። መበገሲ ናይ’ዛ ሳጓ ዝኾነ
ተጋዳላይ ዳያን ግን፡ ሸማይነሽ ኣብ
መወዳእታ ሰብዓታት ኣብ ሰሜናዊ
ክፋል ከበሳ ኣብ ክፍሊ ህዝቢ ኣብ
ትሰርሓሉ ዝነበረት እዋን፡ ኣብ ሓንቲ
ጸሓይ ክሳብ 6 ናብ ዝኾና ዓድታት
ብእግራ ከይዳ ኣብ ነፍሲ ወከፈን
ድማ ሰሚናር ኣካይዳ ክትምለስ ምስ
ረኣየ ዘልገበላ መጸውዒት’ያ። ንሱ፡
ሸማይነሽ ከምታ ‘ትሪኒዳድ’ ዝስማ
መርከብ ናይ’ቲ ፈለማ ንዓለምና ዝኾለላ
ፈርዲናን ማጅላን ምዃና ንምግላጽ
ዝተጠቕመላ ቅጽል’ያ ነይራ።

ትሪኒዳድ’ውን ኣብቲ ፈለማስ ነታ
ሳጓ ከም ሰባ’ያ ተረዲኣታ። ኣብ 25
ነሓስ 2019 ኣብ ዝተሓትመት ጋዜጣ
ሓዳስ ኤርትራ ምስ ኣማረሸ ጸጋይ ኣብ
ዘካየደቶ ቃለ መጠይቕ፡ “ክርዳድ” ዝበላ
መሲሉዋ ክረዳድኡ ከም ዝጸውዓቶ
ትገልጽ። ንሳ፡ “ስምዓኒ ኣነ ሓጺረ ነዊሐ፡
ውድባዊ ዕማመይ ዝፍጽም ዘለኹ
ሰብ’የ። ስለምንታይ ክርዳድ ትብለኒ፧”
በለቶ። ዳያን ከኣ እቲ ዝበላ ‘ትሪኒዳድ’
ምዃኑን ትርጉሙ ገሊጹን ኣዕገባ።
‘ትሪኒዳድ’ ካብ ዝወጸትላ ዕለት
ኣትሒዛ፡ ኣብ ሰሜናውን ምዕራባውን
ክፋል ከበሳ ማዕረ ስፍሓት ስራሕ
ትሪንዳድን ብጾታን እናሰፍሐት’ያ
ከይዳ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብቲ ኣብ ትሕቲ
ምቁጽጻር ጸላኢ ዝነበረ ከባቢታትን
ኣብ ቅድሚ መስመርን ክትፍለጥ’ውን

ግዜ ኣይወሰደላን። ኣብ ክሊ ትሪኒዳድ
ብዙሓት ሰባት በብወገኖም ዝዝክርዎም
ብሂላት ወጹ፡ ክሳብ ደርፊ’ውን
ተደርፈ።
“ጸላኢ ዓሻ’ዩ፡” ኢሉ ነይሩ ጀነራል
ገረዝጊሄር ዓንደማርያም (ውጩ)። እወ፡
ዓሻ ጸላኢ እቲ ትሪኒዳድ ዝብል ስም
ውጽኢት ህ.ግ. ምዃኑ፡ ህ.ግ. እውን
ውጽኢት ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ
ረሲዑ፡ ውልቀ ሰባት ብምጥቃዕ ዓወት
ዝጎናጸፍ ይመስሎ ነይሩ’ዩ። ኣባላት
ክፍሊ ህዝቢ ትሪኒዳድን ብጾታን
ጸላዊ ስራሕ እናሰርሑ ብዝኸዱ፡ ገለን
ኣእጋራ ክሰብሩ ገለን ድማ ብኳሌትኣ
ወጢጦም ከምጽኡ ዝተላእኩን፡ ግዳይ
ምዑታት ተጋደልቲ ህ.ግ. ዝኾኑን
ከድዓትን ወተሃደራት ደርግን’ውን
ውሑዳት ኣይነበሩን።

ኣብ ስርሒታት ከተማ

ኣብ ቀዳማይ መፋርቕ ሰብዓታት፡
ብ ‘ክፍሊ መስዋእቲ’ ዝፍለጡ
ፈዳኢን ህ.ግ.፡ ኣስመራ መውዓሊኦምን
መሕደሪኦምን ነበረት። ኣዝማሪና
ሸማይነሽ ድማ ካብ 1973 ኣትሒዛ
ኣብ ሓንቲ ኣብ ጽላል ናይ’ዚ ክፍሊ’ዚ
ምስ ዝሰርሓ ናይ ከተማ ዋህዮታት
ተወደበት። ኣብረሀት በይን፡ ኣስመረት

በይን (ክልቲአን ኣሓት’የን)፡ ኢትዮጵያን
(ስማ ገድሊ ናብ ኤርትራ ዝቐየሮ)
ካልኦትን ኣብ ዝኣባላታ ዋህዮ ኮይና
ድማ ብተኣምራተኛታት ቫይናክን
ብጾቱን እናተኣልየት ምስ ጸላኢ ኣብ
ጭርጭር ከተማ ኣተወት።

ኣብ እንዳ ጾሚነቲ፡ ገዛ ከኒሻ ዝነበረት
ስድራ እንዳቦይ በይን ሓንቲ ካብተን
ኩሉንትናአን ዝሃባ ኤርትራውያን
ስድራቤታት ነበረት። ገዛ እንዳቦይ
በይን ንኣብርሀት በይንን ኣስመረት
በይንን ኣብ ናይ ከተማ ዋህዮ ኣሰሊፋ
ከይኣክል፡ ካብ ቀንዲ መዋፈሪት ኣባላት
ክፍሊ መስዋእቲ’ውን ነበረት። ኣብረሀት
በይን ሓንሳብ ለማኒት ሓንሳብ’ውን
ካልእ እናመሰለት ትስሊ፡ ከምኡ’ውን
ብረት ኮነ ቦምባ ናብ ዝምልከቶም
ኣባላት ክፍሊ መስዋእቲ ብምትሕልላፍ
ትብዓታ ዘመስከረት ኣባል’ታ ዋህዮ
ነበረት።
ኣብ 25 ነሓስ 2019 ኣብ ዝተሓትመት
ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ኣማረሸ
ጸጋይ ኣብ ዘካየደቶ ቃለ መጠይቕ፡
ንጉዕዞኣ ኣብ ገድሊ ዝምልከት ሰፊሕ
ጽሑፍ ኣሎ። ኣብታ ሕታም፡ ትሪኒዳድ
ንዝቐጸለ ብድሆታት ስራሕ ከተማ
ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጻቶ ኣላ።

“ሓደ እዋን፡ ኣምባሳደር ዓዲ እንግሊዝ
ዝነበረ ተጨውዩ ናብ ሜዱ ወሪዱ።
ናቱ ንብረትን ካልእ ናብ ሜዳ ክለኣኽ
ተታሒዙ ዝነበረ ቦምባ ቻይናን፡ ኣብ
እንዳ ኣቦይ በይን ኵዒትና ንኽንቀብሮ፡
እሞ ድማ መብዛሕትኦም መሳርሕትና
መንእሰያት ብምንባሮም፡ በቲ ንብረት
ከይታለሉ ብዝብል - ንሓደ ዕብይ ዝበለ
ሰብ ኣባል ፈዳኢን ኵዒቱ ክቐብሮ
ሓሪናዮ። ሰብኣይ ኣይጸንሐን፡ ድሕሪ

ክልተ ወርሒ ሰሊሙ (ከዲዑ)። ኩሉ
ምንቅስቓሳትና ብረቂቕ ዝፈልጥ ድማ
እዩ። ስለ ዝኾነ፡ ንሱ ብዝሓሰዎ ማይ-
ድምነት ተደምሲሳ፡ ንገዛ እንዳቦይ
በይን ኣጥቂዖሞ። ኣብቲ መጥቃዕቲ
ንኣስመረት ሓትኖኣን ክልተ ኣሓታን፡
በታ ንጸገም ክትኮነና ኢልና ዝሰራሕናያ
ኣስካላ ሃዲመን። ኣስመረት ኣብ ሓንቲ
ጸልማት ክሽነ ምስተን ቦምባ ቻይና
ተሓቢኣ። ንኹሉ እቲ ገዛ ፈቲሾም
ዝውሰድ ወሲዶም ዝቕተል ቀቲሎም
ንኣብረሀት ሒዞማ ከይዶም።

“ኣስመረት ካብቲ ተሓቢኣትሉ
ዝነበረት ወጺኣ ክትሃድም፡ ሓደ
ኤርትራዊ ኮማንድስ ረኺቡዋ።
ኤርትራዊ ሓወይ ኢኻ፡ ካብ በዚኦም
ዝቕተል ንስኻ ቅተለኒ፡ እንተ ክኢልካ
ድማ ናብ ዝብጻሕ ኣብጽሓኒ ኢላቶ።
እቲ ኮማንድስ፡ ጫማ ሂቡ ክዳን ከዲኑ
ኣመሳሲሉ ኣህዲሙዋ። ኣስመረት
ንገዛና መጺኣ ኩሉ እቲ ዘጋጠመ
ነጊራትኒ። ተተሓሒዝና ድማ ናብ
ባር ኣውቲስቲ ተሌፎን ናብ ብዓል
ቫይናክ ክንድውል ከድና። ኣብኡ ሓደ
ንጥርጥሮ ጃሱስ መጺኡና። ካብኡ
ሃዲምና ኣብ ከባቢ ኣስካላ ሓንካሳት ምስ
በጻሕና፡ ንደሱ ረኺብናዮ። ሓሳብና ምስ
ነገርናዮ፡ ደሓን ቅሰና ኩሎም ፈሊጦም
እዮም ኢሉና።”
ኣብ ዝቐጸለ መዓልታት፡ ቫይናክ ምስ
ዝርከቦም ኣባላት ኣብ መንበሪ ገዛ ደሱ
ድሕሪ ምሕባእ ምስኦም ናብ ሜዳ
ወረዳ። ሃጀምቲ እንዳቦይ በይን ዝውሰድ
ይውሰዱ እምበር፡ እተን ትሽዓተ
ቦምባ ቻይና ዋኒን ህ.ግ. ካብ ምዃን
ኣየምለጣን። ኣባላት ክፍሊ መስዋእቲ
ኮንታተረ ዘዐርዩ ሰራሕተኛታት ሓይሊ
ኤሌክትሪክ ተመሲሎም ወሰዱወን።

ሸማይነሽ መጺኣ ብደዳዕ ወይልኻ
ከዳዕ
ኣብ 1975 ኣብ ሕሽክብ ዝተኻየደ
ታዕሊም፡ ንሸማይነሽ መቐጸልታ
እምበር መጀመርታ ገድሊ ኣይነበረን።
ዝቐሰመቶ ወተሃደራውን ፖለቲካውን
ትምህርቲ ኣብ ሜዳ’ውን ከም
ምኩርቲ ክትብገስ ኣኽኣላ። ንሓደ
ዓመት ዝኸውን ኣብ ሳሕል ኣብ
ክፍሊ ህዝቢ ድሕሪ ምስራሓ ድማ፡
ንተመሳሳሊ ስራሕ ናብ ሰሜናዊ ክፋል
ከበሳ ተመደበት። ምስ ብጾታ ካብ
ዛግር እናተንቀሳቐሰት ምውዳብ ህዝቢ፡
ምምስራት ማሕበራት መንእሰያት፡ ደቂ
ኣንስትዮን ሓረስቶትን ወሰን ኢሎም
ሓዝዎ። ስርሖም እናዓበየ እንግድዓ
ውድብ ድማ እናተረረ ብዝኸደ፡ ስም
ብዙሓት ኣባላት ክፍሊ ህዝቢ ይዓርግ
ነበረ። ኣይከም ትሪንዳድን ግን።

ጸላኢ ዓሻ ይኹን እምበር ገለ
ካብኡ ዝዕሽዉ ኤርትራውያን’ውን
ነይሮም’ዮም። ንኸብዶምን ገለ ንዋይን
ኢሎም ኣንጻር ህዝቦም ክቖሙን፡
ዕድል ኣብ ዝረኸብሉ ድማ ዜጋታት
ዘከላብቱን ነይሮም’ዮም። ናይ ገለ
ሕሉፍ ሓሊፍዎም ኣብ ቅትለት

መቕርቦምን መተዓብይቶምን ዝወዓሉ
ነውራማት ኣስማት ምጥቃስ’ውን
ከቢድ ኣይምኾነን። እቲ መወዳእታኡ
ዓወት ዝተገዝመ ውድብን ህዝብን
ዝእረም ኣሪሙ ስለ ዝሓለፎ ሕጂ
ናብኡ ምምላስ ናብ ጭቃ ምውዳቕ’ዩ።
ኣብቲ ግዜ’ቲ ግን ህዝቢ ብጸቕጢ
እምበር ብፍታዉ ኣይኮነን ዕሽሽ ኢሉ
ዝሓልፎ ዝነበረ። ትሕት እንተበለ’ውን
ኣንጻር ገፋዕቱስ ስኑ ደኣ ይሕርቅም
ነበረ። ጽልዋ ሸማይነሽ እትመርሖምን
እትርከቦምን ኣባላት ክፍሊ ህዝቢ ኪኖ
ገጠራት ንኣስመራ’ውን ይደሃያ ነበረ።
ምንቅስቓስ ሸዋይነሽን ብጾታን ነታ ደዳዕ
ዝተባህለ ቦታ ዝርከባ ኳዜን ሓዊስካ
ሰፊሕ ነበረ። ገለ በዚ ምንቅስቓስ’ዚ
ዝተሓጎሳ ኣዴታት፡ “ሸማይነሽ መጺኣ
ብደዳዕ፡ ወይልኻ ከዳዕ” ኢለን ደረፋ።
እዚ ደርፊ’ዚ ኣብ ኣስመራ ኣብ
ሕልፎት ከይተረፈ ይድገም ከም ዝነበረ
ድማ ይዝንቶ።

ብዓዲ ኣልጋነሽ፡ ብባሕሪ ሸማይነሽ፡
ተዋረድና!

ህ.ግ. ንደርባዊ ኣተሓሳስባ ብገስጋሲ
ፖሊሲ ንምትካእ ኣብ ድሕሪ መስመር
ብሰፊሑ ይንቀሳቐስ ነበረ። ኣባላት
ክፍሊ ህዝቢ ኣብ ምትግባር ናይ’ዚ
ፖሊሲ መሪሕ ተራ ነበሮም። ምድያስ
ብመሳፍንቲ ተገቢቱ ዝነበረ መሬት፡
ምዕሩይ ምምቕራሕ መሬትን ጸጋን
ዓዲ፡ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ
ተኻፋልነት ጸጋታትን ማሕበራዊ
ጽፍሕታትን፡ ምምሕያሽ ስርዓተ
ፍትሕን ካልኦትን ይካይዱ ነበሩ።
እዚ መሰልን ልብን ዝበዝሐ ሓፋሽ
ክረክብ እንከሎ፡ ገለ ረብሓኦምን ባህላዊ
ንያቶምን ዝትንከፉ ግን ነይሮም’ዮም።
ብቐንዱ ከኣ እቲ ከም ወላዲ ዝነጥፍ
ዝነበረ ውድብ፡ ኣብ ምዕንቃጽ ገስገስቲ
ሓሳባት ንዝነጥፉ ይገንሕን ይእርምን
ስለ ዝነበረ፡ ለውጢ ዝመረሮ’ውን
ኣይተሳእነን። ሸማይነሽ ኮነት ብጾታ
ትርግታ ልቢ ሓፋሽ ይንበሩ እምበር፡
መዕለብ መረረ ናይዞም ክብ ኢሎም
ዝተጠቕሱ ወገናት ኣይነበሩን’ውን
ክበሃል ኣይከኣልን።

ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ኣልጋነሽ ተኸስተ
ዝተባህለት ሃገራዊ ግቡኣ ትገብር
ዝነበረት፡ ኣብ ግዜ ምዝላቕ’ውን ከም

ኩለን ሓፋሽ ውዱባት ክትስለፍ ሓቲታ
- ግን ብምኽንያት’ቲ ዝነበረ ኩነታት
ሓንሳብ ክትጸንሕ ዝተሓበረት ግርምቲ
ዜጋ፡ ሃንደበት ናብ ጸላኢ ኣተወት።
ኣንጻር’ቲ ሰለስተ ኣሕዋታ ዝተጋደሉሉ
ውድብ ጠጠው ብምባል ድማ ምስ
ጸላኢ ክትሰርሕ ጀመረት። ናይ
ስራሕ ወኒን ክእለትን ኣልጋነሽ ቀሊል
ኣይነበረን። ዳርጋ ኩሉ’ቲ ብወገን
ጀማሂር ዝግበር ዝነበረ ንጥፈታት ውዳበ
መንእሰያት፡ ደቂ ኣንስትዮን ሓረስቶትን
ድማ ብወገን ጸላኢ ኮይና ወሰን
ኢላ ሓዘቶ። ኣንጻር ትእዛዛን መደባን
ንዘዕጠጥዩ መሓሪት ኣይነበረትን።
ሓደ እዋን፡ “ዘይንፈልጥ ከይመስለኩም፣
ሽዋይነሽ ጭራም ወረቐት እንተ ሰዲዳ
ዞኽዞኽ ኢኹም ትብሉ። ንሕና
ዝበልናኩም ግን ኣይትተሓባበሩን -
ደሓን!” ኢላ ኣምሪራ ክትዛረብ ዝሰምዐ
ተባዕ ኣቦ፡ “ብዓዲ ኣልጋነሽ ብባሕሪ
ሽዋይነሽ እኮ ተዋሪድና! እንታይ ግበሩ
ኢኽን ትብላና እዘን ክልተ ኣዋልድ፡
” በላ።
ኣብቲ ነዊሕ ርብርብ ግን፡ መስመር
ሸማይነሽን ስለሰተ ጀጋኑ ስዉኣት
ተጋደልቲ ኣሕዋት ኣልጋነሽን ተዓወተ።
ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚ ሞት ፈንጢሳ
ዝወጸት ትሪኒዳድ ናጽነት ኤርትራ
ርእያ፣ መንግስቲ ተኺላ ኣብ ህዝባዊ
ምምሕዳር ቀጺላ፣ ናብ ዲፕሎማሰኛ
ሰጊራ ንሃገራ ኣብ ሃገረ ኢጣልያ
ወኪላ፣ ሕጂ ድማ ብደረጃ ዳይረክተር
ጀነራል ኣብ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር
ኣብ ንጡፍ ስራሕ ትርከብ። ኤርትራ
ንትሪንዳድ ሓዳራ፡ ደቃን ዓለማን’ያ።

ምስጋና ንምንጪታት ናይ’ዚ
ጽሑፍ፦

- ወ/ሮ ሸማይነሽ ኪሮስ (ትሪኒዳድ)
- መጀር ጽገ ኣለም (ጭብ)
- ኣቶ ዓንደሚካኤል ሰለሙን
- ወ/ሮ ኣማረሽ ጸጋይ
- ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ

- ኣቶ ታእዛዝ ኣብርሃ (ዕንድኩር)
- ኣቶ ሄኖክ ሓሺም

መዘኻኸሪ፦ እዚ ጽሒፍ’ዚ ኣብ 2020
ብሳምሶም ብርሃነ ዝተዳለወ ኮይኑ፡
ኣገዳስነቱ ኣብ ግምት ብምእታው ካብ
ማሕበራዊ መራኸቢ ዝተወስደ እዩ።



ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.59 7 ሕዳር 2026 - ገጽ 11

ስፖርት
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ድባርዋ - ቅድድም ብሽክለታ ይሰላሰል ኣሎ
ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ
ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ሰንበት 1 ሕዳር ንሳልሳይ

ሰሙን (ሳልሳይ መድረኽ) ናይ ክልተኡ ጾታ
ኣካይዱ።
ተቐዳደምቲ ደቂ ኣንስትዮ 18 ኪሎሜተር
ተሰሪዑለን። ኮኾብ ኣብርሃም፡ ቅሳነት በረኸት፡
ዶልሺ ማእከለ፡ ሊድያ መርሃዊ፡ መርሃዊት
ክፍለን ዮሩሳሌም ማሪቆስን ከኣ፡ ካብ ቀዳማይ
ክሳብ ሻዱሻይ ኣትየን።
ተቐዳደምቲ ራብዓይ ዲቪዥን 22
ኪሎሜተር ክሽፍኑ እንከለዉ፡ ኣቤል ዮውሃንስ፡
ንናኦድ ዮውሃንስ፡ ሄርሞን ካርተር፡ ኣማን
ሓምድ፡ ፍናን ተስፋሂወትን ያፌት ከሰተን
ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ።

27 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈኑ ሳልሳይ
ዲቪዥን፡ ሄርሞን ወልደሚካኤል፡ ኤልናታን
ዮሴፍን እሰይ ሰዓረን ካብ ቀዳማይ ክሳብ
ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም። ነቢ ሃብቶም፡ ዮናታን
ሳሚኤልን ሜሮን ሓድጉን ድማ፡ ክሳብ
ሻዱሻይ ኣትዮም።
ካልኣይ ዲቪዥን፡ 51 ኪሎሜተር
ሸፊኖም። ተመስገን እዮብ ካብ ምስላም ድማ፡
ንናኦድ ዑቕባይ - መረብ ከምኡ’ውን ሄኖክ
ፍትሓዊ - ምስላም ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ።
ሳይሞን ዓንደመስቀል ብውልቂ፡ ኤልሻዳይ
ሚኪኤለ ጋንታ መረብ ከምኡ’ውን
መሪሕ መሓሪ ጋንታ ላምዛ ክሳብ ሻዱሻይ
ንዘሎ ደረጃ ሒዞሞ።

ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዥን፡ 63
ኪሎ ሜተር ወይ 35 ዙርያ ተሰሪዑሎም።
ኣብ መንጎ ጸወታ ኣብ ዝነበረት ቅጽበታዊ
ውድድር፡ ብውልቆም ዝወዳደሩ ሙሴ
ኢሰያስ፡ ናትናኤል ጸጋይን ናሆም ሚኪኤለን
ተዓዊቶሙላ።
ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተገብረ ቅጽበታዊ
ውድድር ድማ፡ ናሆም ሚኪኤለ ቀዳማይ
ክኣቱ እንከሎ፡ ኬብሮን ገብረትንሳኤ ካብ
ጋንታ ላምዛ፡ ባና ተስፋይ ጋንታ መረብ፡
ሳይሞን ዮናስ - ላምዛ፡ ኣሚናድኣብ ርእሶም
- መረብ ከምኡ’ውን ደጀን ሃብተማርያም
- ላምዛ ክሳብ ሻዱሻይ ምእታዎም፡ ወኪል
ኣገልግሎት ዜና ናይታ ከተማ ሓቢሩ።

ናብ መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ኣፍሪቃ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ መፋነዊ ተገይሩላ
2027 ዘምርሐት ሃገራዊት ጋንታ ኵዕሶ እግሪ
ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ፡ ትማሊ ናይ ምፍናው
ስነ ስርዓት ተገይሩላ።
እዛ 24 ተጻወትቲ መሪጻ ዘላ ጋንታ፡
እቶም 21 ተጻወትታ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት
ዝጻወቱ እዮም። ትማሊ ዝተኻየደ ናይ
ምፍናው ስነ ስርዓት ከኣ፡ ነቶም ካብ ውሽጢ
ሃገር ዝተመርጹ ሰለስተ ተጻወትቲ፡ ኣሰልጣኒን
ካልኦት ምስኣ ሓቢሮም ዝጐዓዙ ኣባላትን እዩ
ተኻይዱ።
ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ስፖርት ኣብ
ዝተኻየደ መደብ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን
ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡

“እቲ ቀንዲ ንደልዮ ብሰላም
በጺሕኩም ብሰላም ክትምለሱ
እዩ። ዓወት እንተመጸ ዝበለጸ፣
እንተዘይመጹኡ ከኣ፡ መስርሕ
ናይ ውድድር እዩ። ኩሉ ግዜ
ግና፡ ክንዕወትን ዝበለጸ ውጽኢት
ከነምጽእን እዩ ትምኒትና።” ኢሉ።
ሓላፊ ሃገራውያን ፈደረሽናት፡
ኦሎምፒክን ፓራ ሎምፒክን
ኮ/ል ሰለሙን ስዩም’ውን፡ ጽቡቕ
ድስፕሊን (ጠባይ) ኣንጸባሪቖምን
ኩሎም ዝከኣሎም ገይሮምን፡
ጽቡቕ ዓወት ሒዞም ክምለሱ፡
ተስፋ ናይ ኩሉ ምዃኑ ገሊጹ።
ዓላሚ ናይዛ ጋንታ ሀሻም ሃካን ድማ፡
“መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ኣፍሪቃ ከቢድ እዩ፣
ምስ ዓበይቲ ጋንታታት ኢና ንጻወት ዘለና።
እንተኾነ፡ ኣብዘን ክልተ ወሰንቲ ጸወታታት
ዓወት ኣምጺእና ናብ ተወዳዳርነት ክንምለስ

ክንሰርሕ ኢና።” ክብል እንከሎ፡ ሓለቓ ናይ’ዛ
ጋንታ ዓብለሎም ተኽለዝጊ ብወገኑ፡ ዓቢ
ሓላፍነት ሒዞም ይኸዱ ምህላዎምን ዓወት
ሒዞም ክምለሱ ተስፋ ከምዘለዎምን ገሊጹ።
ትማሊ ምሸት ናብ ጊኒ ኮናክሪ ዘምርሐት
እዛ ጋንታ፡ ኩሎም ተጻወትታ ካብ ዘለዉወን
ሃገራት ክሳብ 9 ሕዳር ተኣኪቦም፡ ናይ ሓባር
ልምምድ ክገብሩ መደብ ኣሎ - ብመሰረት
ሓበሬታ ሃገራዊት ፈደረሽን።
ጊኒን ኤርትራን፡ 12 ሕዳር ቀዳማይ እግሪ
ኣብ ጊኒ፣ ካልኣይ እግሪ ድማ፡ 16 ሕዳር ኣብ
ግብጺ ከተማ ካይሮ ክጻወታ እየን።
ኤርትራ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም ኣብ
ዝነበራ ክልተ ግጥማታ፡ ምስ ኬንያ 1ብ1
ከምዝወጸት፣ ብደቡብ ኣፍሪቃ ድማ፡ 5ብ0
ከምዝተሳዕረት ይፍለጥ።

ጽቡቕ ዕድል ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ!

ስፖርታዊ ውድድራት ‘እዚ ምዕራብ’ . . .
ኣብ ከተማ ባረንቱ ዝካየድ ዘሎ መበል 11 ስፖርታዊ ቅነ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል እዚ ምዕራብ፡ ናይ ርብዒ ፍጻመ ጸወታታት ኵዕሶ እግሪ ብናይ ክልቲኡ ጾታ ኣሰላሲሉ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ሲሞቲን ፈንቅልን ተጻዊተን። ፈንቅል፡ ጸወታ ሓጺር ደቓይቕ ምስ ተላዕሎ፡ ካብ ሲሞን እስቲፋኖስ ሸቶ ረኺባ ክትመርሕ ጀሚራ። ቀዳማይ እብረ ተወዲኡ እናተባህለ ግና፡ ሲሞቲ ቅላዕ መቕጻዕቲ ረኺባ፡ ብመንገዲ ብሉጽ ኮይኑ ዝወዓለ ተጻዋታይ ሚኪኤለ ሰይፉ ናብ ሸቶ ቀይራ ተመዓራሪያ ናብ ዕረፍቲ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ ድማ፡ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሐን። ሲሞቲ ከኣ፡ 5ብ3 ተዓዊታ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፋ።
ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ፈንቅልን ሂላልን ተራኺበን። ፈንቅል፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ካብ ቅሳነት ዘርኣይ ብዝረኸበታ እንኮ ሸቶ 1ብ0 ተዓዊታን ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፋን። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ጸወታ ኵዕሶ ሰኪዐት ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣውላ ንገልዓሎ 49ብ61፡ ፈንቅል ንሂላል 70ብ43 ኣሰኒፈነአን።

“ባሌባ፡ ንሰሙን ክእለ እዩ” ዓላሚ ማን ዩናይትድ
ኣከፋፋሊ ማን ዩናይትድ - ካርሎስ ባሌባ፡
ንሳምንቲ ካብ ጸወታ ወጻኢ ክኸውን
እዩ፡ ብመሰረት ኣሰልጣኒ ናይታ ክለብ
ሚካኤል ካሪክ።
ባሌባ፡ ሰሉስ ምሸት ንሮማ ኣብ
ዝሰዓሩሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ፡
ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ኣብ የማናይ ሰለፉ ናይ
ጭዋዳ ጸገም ኣጋጢምዎ፡ ብዩሪ ተሌማንስ
ተቐይሩ ወጺኡ።
እዚ ካሜሩናዊ፡ ሰሪ’ዚ መጉዳእቲ
ወላ’ኳ ብልክዕ ክሳብ መዓስ ካብ ጸወታ
ከምዝእለ ኣይነጸር፡ ንሰሙን ኣገልግሎት
ኣልቦ ከምዝኸውን ግና፡ ካሪክ ትማሊ
ኣብ ዝገበሮ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣፍሊጡ።
“ድሕሪ ኣህጉራዊ ግጥማት ክምለስ ዘለዎ

ተኽእሎ ውሑድ እዩ፣ ብኩራቱ ዝነውሕ
ኮይኑ ይስመዓካ።” እንተላይ ወሲኹ - እቲ
ዓላሚ።
ድሕሪ’ዚ ናይ ቀዳመ ሰንበት ናይ
ሊግ ግጥማት፡ ኣህጉራዊ ግጥማት እዩ
ዘሎ። ፕሪመር ሊግ ከኣ፡ 21 ሕዳር ናብ
ስሩዕ ውድድር ክምለስ እዩ። ጽባሕ ሰንበት
ንኣስቶን ቪላ ዓዲማ ናይ ሊግ ጸወታ
እተካይድ ማን ዩናይትድ ድማ፡ 22 ሕዳር
ኣንጻር ሊቨርፑል ከቢድ ጸወታ ይጽበያ።
ኣብ መስመር ምክፍፋል ዓቢ ተራ
ክህልዎ ምስ ልዑል ትጽቢቱ ዝመጸ ባሌባ፡
በዚ ተገሚትዎ ዘሎ፡ ኣብቲ ጸወታ ምስ
ዝበኩር፡ ንዩናይትድ ዓቢ ሃጓፍ ክፈጥረላ
ተኽእሎ ኣሎ።

ጆብ፡ ጻውዒት እንግሊዝ ረኺቡ
ደቂ በሊንግሃም፡ ታሪኽ ሰሪሖም
ትማሊ ዓርቢ ዓባይ ሃገራዊት ጋንታ
እንግሊዝ ኣብዚ ወርሒ ኣብ እተካይዶ
ግጥማት ኔሽንስ ሊግ ዝውክሉዋ ተጻወትቲ
ኣብ ዘፍለጠትሉ፡ ተጻዋታይ ቦሩሽያ
ዶርትሞንድ - ጆብ በሊንግሃም፡ ብኣሰልጣኒ
ቶማስ ቱቸል ተመሪጹ ኣሎ።
ጆብ፡ ጻውዒት ሃገሩ ክመጽኦ፡ እዚ
ናይ ፈለማ ግዜ እዩ። በዚ ድማ፡ ምስ ዓቢ
ሓዉ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ - ጁድ
በሊንግሃም፡ ብሓባር ንሃገሮም ክውክሉ
እዮም።
እዚ ንስድራ ናይዞም ተጻወትቲ ዓቢ
ዓወትን ደስታን ዝፈጠር ጻውዒት፡ ኣብ
ታሪኽ ናይዛ ብሰለስተ ኣናብስ እትፍለጥ
ሃገራዊት ጋንታ’ውን ተመዝጊቡ ኣሎ።
ወላ’ኳ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት 20 ኣሕዋት
ነዛ ጋንታ እንተወከሉዋ፡ ክልተ ጽምዲ

ጥራይ እዮም፡ ኣብ ሓደ እዋን (ብሓባር)
ናዛ ጋንታ ወኪሎም ተጻዊቶም - ጃክ
ቻርልቶንን ቦቢ ቻርልቶንን ከምኡ’ውን
ጋሪ ኔቭልን ፊል ኔቭልን።
በዚ ከኣ፡ ጁድን ጆብን፡ ብፍላይ ብሓባር
እንተተሰሊፎም፡ ምስዞም ተጻወትቲ ክስርዑ
እዮም።
እንግሊዝ፡ 12 ሕዳር ምስ ክሮኤሽያ፣ 15
ሕዳር ከኣ፡ ምስ ስጳኛ ግጥም ይጽበያ።

ጀሱስ፡ ብዛዕባ ሮናልዶ . . .

መደብ ጸወታ

ሎሚ
* ፕሪመር ሊግ መበል 10ይ ሰሙን
ሊድስ - ቶተንሃም 3፡30 ድ.ቀ
ፉልሃም - ኒውካስል 6፡00 ድ.ቀ
ኣርሰናል - ሃል ሲቲ 6፡00 ድ.ቀ
ኖቲንግሃም - ማን ሲቲ 8፡30 ድ.ቀ

* ላ’ሊጋ መበል 12 ሰሙን
ቫለንሺያ - ሪያል ማድሪድ 11፡00 ድ.ቀ

- ትማሊ ኣብ ዘፍለጠሉ፡ “ሮናልዶ፡
ስለዘድልየኒ ክጸንሕ ሓቲተዮ፣ እንተኾነ
ውሳነኡ የኽብሮ እየ። ክሪስ፡ ዓለምለኻዊ
ምስሊ (Icon) እዩ። ወትሩ ኣብ ልቢ ኩሉ
ፖርቱጋላዊ ኣሎ። ዓቢ ኣርኣያ እዩ።”
ክብል ድማ፡ ኣድናቖቱ ገሊጹሉ።

ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል - ጆርጅ
ጀሱስ፡ “ኣይፈልጥን እየ፣ ንዕኡ ሕተትዎ።
ኣነ ኣጥዕየ ዝፈልጦ ግና፡ ኣነን ክሪስቲያኖን
ብሓባር ንሓደ ዓመት ሰሪሕና ኢና።
ሕጉስን ዕዉትን ግዜ ነይሩ፣ ዋንጫ’ውን
ዓቲርና።” ክብል፡ “ስለምንታይ ሮናልዶ

ካብ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ጥሮታ
ወጺኡ፧” ተባሂሉ ምስ ተሓተተ መሊሱ።
ዝሓለፈ ወቕቲ ኣብ ክለብ ኣልናስር
ብሓባር ዝሰርሑ ሮናልዶን ጀሱስን፡ ኣብዛ
ሃገራዊት ጋንታ ግና፡ ዝሓለፈ ወርሒ
መስከረም ኣብ ዝነበረ ግጥማት፡ ብሰንኪ

ናይ ምስላፍን ድሕሪኡ ዝሰዓበ ጉዳይን
ኣይተሰማምዑን። በዚ ጉዳይ ዘይተሓጎሰ
ሮናልዶ፡ ካብታ ሃገራዊት ጋንታ ብገዛእ
ፍቓዱ ምኻዱ’ውን ኣይርሳዕን።
ጀሱስ፡ ኣብ ወርሒ ኣብ ዘካይድዎ ናይ
ኔሽንስ ሊግ ግጥማት፡ ዘድልይዎ ተጻወትቲ

ሓዳስ ኤርትራ

ተረኛ ፋርማሲ ጎደና ቁ.ስልኪ
ጎደና ዓዲ ኣቤይቶ ቁ.89 ፡ ትሕቲ ቤ/ት ማርቲ ንሉተር ነበር (ዓዲስሄል) 08370129

ዕለት

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ፋርማሲ ሰናይ 7/11/2026

መበል 36 ዓመት ቁ.59 7 ሕዳር 2026 - ገጽ 12

ዜና ዓለም ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

ፊሊፒንስ፡ ካብ ህንዲ ሚሳይላት ንምሽማት ትዘራረብ
ፊሊፒንስ፡ ገማግም ባሕራ ናይ
ምሕላው ዓቕማ ንምሕያል ስጉምትታት
ኣብ እትወስደሉ ዘላ እዋን፡ ካብ ህንዲ
‘ብራህሞስ ሱፐርሶኒክ’ ዝተባህለ ተወሳኺ
ክሩዝ ሚሳይላት ንምሽማት ትዘራረብ
ከም ዘላ፡ ሮይተርስ ሓቢሩ።
እቲ መስርሕ ዕድጊ፡ ኣስታት 800
ሚልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ኣስታት 60
ሚሳይላት ከም ዘጠቓልል፡ ክልተ

ምንጭታት ህንዲ ንሮይተርስ ሓቢሮም።
እቲ ዝርርብ ኣብ ናይ መወዳእታ
ደረጃኡ በጺሑ ከም ዘሎ’ውን፡ እቶም
ምንጭታት ወሲኾም ገሊጾም።
ፊሊፒንስ፡ ኣብ 2022 ምስ ህንዲ ናይ
375 ሚልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ውዕል
ድሕሪ ምኽታማ፡ ን ‘ሚሳይል ብራህሞስ’
ዝሸመተት ናይ ፈለማ ሃገር ኮይና ከም
እተመዝገበት እዩ ዝንገር።

እቲ ሕጂ ፊሊፒንስ ክትሽምቶ
እትዳልወሉ ዘላ ተወሳኺ ሚሳይላት’ውን
ኣብ ህንዲ ዝማዕበለ ኮይኑ፡
ብወተሃደራውያን ትካላት ህንዲን ሩስያን
ዝፈረየ ምዃኑ እዮም ሰብ መዚ ህንዲ
ዝሕብሩ።
ሚሳይል ብራህሞስ ካብ መሬት፡ ባሕርን
ኣየርን እናተወንጨፈ ዒላማታቱ ክወቅዕ
ዝኽእል እዩ።
ሚኒስትር ምክልኻል ፊሊፒንስ ጊልበርቶ
ቴዎዶሮ፡ ኣብ ወተሃደራዊ ጽላት፡ ህንዲ
እታ ቀንዲ መሻርኽቲ ፊሊፒንስ ኮይና
ከም ዘላ ገሊጹ።
ንሱ ወሲኹ፡ ህንዲ፡ ሃገሩ ኣብ ዶባታ
ቴክኖሎጂታት ሳተላይት ንኽትፍትን
ፍቓድ ሂባታ ከም ዘላ ኣረዲኡ።
ህንዲ፡ መሸጣ ‘ሚሳይላት ብራህሞስ’
ናብ ከም ኢንዶነዥያን ቬትናምን
ዝኣመሰላ ካልኦት ሃገራት’ውን ኣስፊሓቶ
ከም ዘላ እዩ ዝንገረላ።

ሩስያ፡ ምስ ኢራን ዝርርብ ተካይድ
ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር
ፑቲን፡ ንላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ጸጥታ
ኢራን ሞህሰን ረዛይ ኣብ ሞስኮ ተቐቢሉ
ኣዘራሪቡ።
ክልተኦም ወገናት ኣብ ርክቦም፡
ኣብ መዳይ ዞባዊ ጸጥታን ቁጠባዊ
ምትሕብባርን ኣተኲሮም ከም
እተመያየጡ፡ ሰብ መዚ ሩስያ ሓቢሮም።
ኣብቲ ርክብ፡ ብወገን ሩስያ እንተላይ
ምክትል ፕረዚደንት፡ ላዕለዋይ ሓላፊ
ጸጥታ፡ ከምኡ’ውን ኣምባሳደር ሩስያ
ኣብ ኢራን ክሳተፉ ከለዉ፡ ብወገን
ኢራን ከኣ ላዕለዎት ሰብ መዚ ጸጥታን
ኣምባሳደር ኢራን ኣብ ሞስኮን ከም

እተሳተፉ፡ እቶም ሰብ መዚ ወሲኾም
ገሊጾም።
ድሕሪ እቲ ዝርርብ፡ ሞህሰን ረዛይ
ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ርክብ ቅድሚ
ሓደ ወርሒ ክካየድ መደብ ከም ዝነበረ፡
እንተኾነ ብሰንኪ ወተሃደራዊ ኩነታት
እቲ ዞባ ተደናጕዩ ከም ዝጸንሐ ሓቢሩ።
ንሱ ቀጺሉ፡ ኣብ መዳይ ምፍታሕ
ዘቤታዊ ሕጽረት ጋዝ ኢራን፡ ሩስያ
ንጎረባብቲ ሃገራት ጋዝ ክትሸጠለን
እትኽእለሉ መገድታትን ካልእን
ኣተኲሮም ከም እተዘራረቡ ገሊጹ።
እቲ ዝርርብ፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን
ኢራንን ወጥሪ ሰፊኑ ኣብ ዘለወሉ

ግዜ ይካየድ ብምህላዉ፡ ንዋሺንግተን
ስክፍታታት ከይፈጠረላ ከም ዘይተርፍ’ዩ
ዝግለጽ ዘሎ።
ሞህሰን ረዛይ፡ ኣቐዲሙ’ውን ኢራን
ኣብ ጉዳይ ወሽመጥ ሆርሙዝ
ኣመልኪታ ንዋሽንግተን ሸውዓተ
ቅድመ ኩነታዊ ነጥብታት ከም
ዘቕረበትላ ብምግላጽ፡ ኣመሪካ ኣብ’ተን
ነጥብታት እንተ ዘይተሰማሚዓ ወሽመጥ
ሆርሙዝ ከም ዘይክፈትን ኢራን ምስኣ
ዝኾነ ዝርርብ ከተካይድ ፍቓደኛ ከም
ዘይትኸውንን ኣፍሊጡ ነይሩ።
ሩስያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ምስ
ኢራን ን20 ዓመታት ዝጸንሕ ስምምዕ

ሓፈሻዊ ስትራተጅያዊ ምሕዝነት ከም
ዝኸተመት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እቲ ኣብ
መንጎ ኢራንን ኣመሪካን ሰፊኑ ዘሎ

ወተሃደራዊ ወጥሪ ብዲፕሎማስያዊ
መንገዲ ክፍታሕ ደጋጊማ ክትጽውዕ
ምጽንሓ ይዝከር።

ዘለንስኪ፡ ሃገሩ ንሓድሽ ፖለቲካዊ ሃዋህው

ክትቅበል ጸዊዑ
ፕረዚደንት ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ዩክሬን
ንመጥቃዕቲ ሩስያ ክትምክትን ዝያዳ ናይ
ወጻኢ ሓገዛት ክትረክብን እንተ ኾይና
ምስ ሓድሽ ፖለቲካዊ ሃዋህው ኣመሪካ
ክትወሃሃድ ከም ዘለዋ ገሊጹ።
ዘለንስኪ፡ ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ
ዶናልድ ትራምፕ ዝጸንሖ ሓርፋፍ
ዝምድና ንምምሕያሽ ብዙሕ ጻዕሪ የካይድ
ከም ዘሎ እዩ ዝንገረሉ።
ንሱ፡ ብፍላይ ድሕሪ ለካቲት 2025
ኣመሪካ ንዩክሬን እኹል ሓገዝ ከምዘይሃበት
ብምጥቃስ ቅሬታኡ ክገልጽ ጸኒሑ እዩ።
በዚ ከም እተወቕሰ ድማ እዮም ምስ’ተን
ሃገራት ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዘረድኡ።

ብመንጎኛነት ኣመሪካ ዝካየድ ዘሎ
ዝርርብ ሰላም ዩክሬንን ሩስያን፡ ዝመጽእ

ሰሙን’ውን ኣብ ኣቡ-ዳቢ (ሕ.ኢ.ዓረብ)
ዳግማይ ክቕጽል መደብ ተታሒዙ ከም
ዘሎ፡ ሮይተርስ ሓቢሩ።
ዘለንስኪ ኣብ መግለጺኡ፡ “ዩክሬን ናብ
ሓድሽ ፖለቲካዊ ትሕተ ቅርጺ ኣመሪካ
ክትስጉም ኣለዋ። ቀልጢፍና‘ውን ክንስጉም
ኣለና። ካብታ ሃገር ደገፍ ክንረክብ ከም
እንኽእል ከኣ እምንቶ ኣለኒ፡” ኢሉ።
ንሱ ቀጺሉ፡ ኣመሪካ ነቲ ኣቐዲማ ንዩክሬን
ብመልክዕ ሓገዝ ክትህባ ዝተመባጽዓቶ
ናይ 16 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዝ
ከተተግብሮ ኣተሓሳሲቡ።

ዩክሬን፡ ቁጽሪ ብመጥቃዕቲ ሩስያ ዝተቐትሉ ሰባት 53 በጺሑ
ቁጽሪ ናይ’ቶም ሩስያ ኣብ ዞባ ዛፖሪዝዚያ
ናይ ዩክሬን ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ
ዝተቐትሉ ግዳያት 53 ከም ዝበጽሐ፡
ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ናይቲ ዞባ ማይካይሎ
ሰሚኪን ሓቢሩ።
ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ በቲ ኮሚሹቫካ ኣብ
ዝተባህለት ቁሸት ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡
ብዙሓት ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ብምህላዉ፡
ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ሃለዋቶም
ንምርካብ ኣብ ጽዑቕ ስራሕ ተዋፊሮም
ከም ዘለዉ ገሊጹ።
እቲ ዝሓለፈ ሰኑይ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡
ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ከተካይዶ ካብ
ዝጸንሐት ተመሳሰልቲ መጥቃዕትታት፡ ኣብ
ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝለዓለ መጠን

ሞት ዘስዓበ ኮይኑ ከም ዘሎ እዮም ምስ’ተን
ሃገራት ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዘረድኡ።
እቲ መጥቃዕቲ፡ ክልተአን ሃገራት ዝመጽእ
ሰሙን ብመንጎኛነት ኣመሪካ ተሓጊዘን
ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንምግባር ዘኽእል
ዝርርብ ንምክያድ ኣብ ዝዳለዋሉ ዘለዋ
እዋን እዩ ዝፍጸም ዘሎ።
እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣብ ዞባ ዛፖሪዝዚያ
ጥራይ፡ 521 ሆቴላትን ካልእ መዘናግዒ
ቦታታትን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሓይልታት
ሩስያ ኣትዩ ከም ዘሎ ተገሊጹ።
ሓደ ካብቶም ሆቴሉ ኣብ ትሕቲ
ሓይልታት ሩስያ ዝኣተወ ዩክሬናዊ ነጋዳይ፡
ካሕሳ ንምርካብ ኣንጻር ሩስያ ክሲ ድሕሪ
ምምስራቱ፡ ቤት ፍርዲ ዩክሬን ኣብ ዝሓለፈ

ሚያዝያ 5.1 ሚልዮን ዶላር ክከሓስ እኳ
እንተ ወሰነ፡ ሩስያ ግና ነቲ ውሳነ ከም
ዝነጸገቶ እዩ ዝንገር።

ፈረንሳ - 600 ሽሕ ሰልፈኛታት ዝተሳተፉዎ ተቓውሞ ተኻይዱ
ኣብ ፈረንሳ ዝቕጽል ዘሎ ናይ
ተቓውሞ ሰልፊ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ
በጺሑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ዝሓለፈ
ሓሙስ‘ውን ኣንጻር ቁጠባዊ ፖሊሲታት
ፕረዚደንት ኢማኑኤል ማክሮን ዝቐንዐን
ጎነጽ ዝተሓወሶን ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ
ኣብ ብዙሓት ከተማታት ናይታ ሃገር ከም
እተኻየደ፡ መርበብ ሓበሬታ ራሻ ቱደይ
ሓቢሩ።
ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይታ ሃገር፡
ኣብ’ቲ ብሓሙስ እተኻየደ ህዝባዊ ናዕቢ
ኣስታት 600 ሽሕ ሰባት ከም እተሳተፉ
ድሕሪ ምግላጽ፡ እዚ ቁጽሪ’ዚ፡ እቲ ናዕቢ
ኣብ ዝሓለፈ መስከረም ካብ ዝጅምር
ንደሓር እቲ ዝዓበየ ምዃኑ ኣመልኪቱ።
ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ፈረንሳ፡ ዝሓሸ
ኩነታት ስራሕን ህዝባዊ ኣገልግሎታት
ትምህርትን ክረኽቡ ጠለብ የቕርቡ ከም
ዘለዉ እዮም ዝገልጹ።

ፖሊስ ኣብ ልዕሊ ሰልፈኛታት ዘንብዕ
ጋዝ ከም እተጠቕመ እኳ ይግለጽ
እንተሎ፡ ሰልፈኛታት ኣንጻሮም ዝቐንዐ
መጥቃዕትታት የካይዱ ብምህላዎም
ግና፡ ዛጊት ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ኣባላት
ፖሊስ ቆሲሎም ከም ዘለዉ ይንገር ኣሎ።
ብዘይካ’ዚ፡ ልዕሊ 400 ሰልፈኛታት ኣብ

ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ከም ዘለዉ’ውን፡
ፖሊስ ፈረንሳ ሓቢሩ’ሎ።
ቀዳማይ ሚኒስተር ናይታ ሃገር
ሰባስቲያን ለኮርኑ፡ ነቲ ህዝባዊ ተቓውሞ
ንምህዳእ፡ ዝመጽእ ሰኑይ ምስ መራሕቲ
ማሕበራት ክራኸብ ምዃኑ ኣፍሊጡ
ኣሎ።